
# ግንባር ናቕፋ





ብኣጋጣሚ ብሩራዊ ኢዮቤልዩ ሓርነት ናቕፋ
ዝተዳለወ

መጋቢት 2002



<u>ናይ ቅድሚት ገበር</u> : ሕብራዊ ስእሊ ብኣጋጣሚ ቡሩራዊ
ኢዮበልዮ ሓርነት ናቕፋ ዝተዳለወ
ስእሊ - ደሞዝ ርእሶም

<u>ካልእ ፍቶግራፋት:</u>
ኣርካይቭ ሚኒስትሪ ዜና


# ግንባር ናቕፋ

ብኣጋጣሚ ብሩራዊ ኢዮበልዩ ሓርነት ናቕፋ
ዝተዳለወ

መጋቢት 2002

# ቀዳማይ ክፋል

# መቕድም

እዚ ክም ቀዳማይ ክፋል ጠቒስናዮ ዘሎና ጽሑፍ ብ1995 ዝተዳለወ ኢዩ። እቲ መጽናዕቲ መበቆል ተቐማጠ ናቕፋ'ውን ዘጠቓለለ ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ብዙሕ ዝተረፎ መዳያት ስለ ዝነበረ ገዲፍናዮ። እቲ ብዛዕባ ኣስማት ድፋዓት ተዘርዚሩ ዘሎ ታሪኽ'ውን ዋላ እኳ ካብ ብዙሓት ሰባት ዝኣከብናዮ ሓበሬታ እንተኾነ ሙሉእ ኢዩ ክንብሎ ኣይንኽእልን። ስለዚ ድማ እዚ ክም መበገሲ ኮይኑ እቲ ታሪኽ ብዕምቆት ክጽናዕን ገና ክጻዓረሉን ኣለዎ። እቲ ካልኣይ ክፋል ዝብል ሓበሬታታት ወራራት ጸላኢ ብ1992 ተሓቲሙ ነይሩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታም ገለ ገለ ናይ ኣሃዝ ለውጥታት ተገይሩሉ ኣሎ።

# ምስጋና

ብ1995 ነዚ ጽሑፍ እዚ ክንዳሉ ከለና ሓበሬታታት ንዝሃቡና ሰብ ናቕፋ ልዑል ምስጋናና ነቕርብ።

- ኢድሪስ ኖር መሓመድ ባይራይ
- መሓመድ ዓሊ ሰይድ ኢብራሂም
- መሓመድ ኢብራሂም መሓመድ ገብሬስ
- ሓጅ ዑመር ሓምድ ኢብራሂም
- ሓምድ ኢብራሂም መሓመድ ሓሰን ገንሽራ
- ማሕሙድ መሓመድ ኢድሪስ

ክምኡውን ኣብ 2002 ክጻፍፎ ከለና ምቕሉል ሓገዞም ንዘወፈዩልና:-

- ኣቶ ጋይም ተስፋሚካኤል
- ኣቶ በላይ ኣርኣያ
- ኣቶ ብርሃነ ኣብርሃም፡ ልባዊ ምስጋናና ይብጽሓዮም።

ኣዳለውቲ
ብሓልዮት ምርምርን ሰነዳን ህ.ግ.ደ.ፍ.

ሚኪኤል በርሀ
ግርማይ የውሃንስ (ሳንድያጎ)

# መእተዊ

ናቕፋ! ብደቡብ ብእምባ ደንደን ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ሰንሰለታዊ ታባታትን፡ ብምዕራብ ብእምባ ቅርንጂሓትን ሰንሰለት ታባታት እምባልቆን ጣብራን፡ ብሰሜን ክኣ ብታባታት ኣፖሎን ጣባይትን ዝተኸበት እያ። ብምብራቕ ግን ናብ ጎላጉል ናሮ ዘገምግም ክፉት ቦታ እዩ። ሩባ ምዖ ንናቕፋካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ኣብ ክልተ መቒልዋ ይሓልፍ። ኣብ ውሽጣን ኣብ ከባቢኣን ድማ ሓያሎ ንንኣሽተ ኩድኹዶታት ኣለውዋ።

ናቕፋ ዝብል ስም ካብ «ነቀፋ» ዝብል ዓንቀጽ ቋንቋ ትግረ ዝመጸ ኪኸውን ከም ዝኽእል ይግመት። ትርጉሙ ድማ ለዓለ ወይ ተላዕለ ማለትዩ ዝብሉ ብዙሓትዮም። ነዚ ሓሳብ እዚ ኣእማኒ ዝመስል መረዳእታ ዘቕርቡሉ ብዙሓት ተወላዶ ናቕፋ ኣለዉ። ንሶም ነቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ «ናቕፋ» ናብ ዝብል ኣጸዋውዓ ዝተቐየረ ስም መበገሲኡ ክረድኡ ከለዉ እዮም ኣብ ቆላታት ገማግም ባሕሪ ዝነብሩ ዝነበሩ ሰበኸሳግም ብሰንኪ'ቲ ደድሕሪ ወቕቲ ንኪኸዱ ዝድርኾ መነባብሮኦም ኣብ ግዜ ምቕት ናብ'ቲ በረኸቲ እምባታት ከባቢ ናቕፋ ንክድይቡ ይግደዱ ነይሮም። ስለዚ፡ ዝበዝሕ ግዚኦም ኣብ ጎላጉል ኣሕሊፎም ንናቕፋ ክድይቡ ከለዉ፡ ኬድካ ዘይውዳእ እምባታት ይጸንሖም ስለ ዝነበረ «ነቀፋ» ኢሎሞ። ትርጉሙ ድማ «ለዓለ» ወይ «በረኽ» ማለት ኢዩ ዝብል ኣፈ ታሪኽ ምህላዉ ይነግሩ።

ኣብታ ብእምባታትን ሰጣሕ ጐላጉልን ዝተመልአት ኣውራጃ ሳሕል (ሕጂ ግን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ) እትርከብ ከተማ ናቕፋ፡ ኣብ ማእከል እቲ ቆላዊ ዙርያኣ ዝተፈልየ ከበሳዊ ክሊማን ንሕርሻ ዝሰማምዕ ቦታን ኣለዋ። በለስ፡ ኣውሊዕ፡ ታህሰስ፡ ሰራው፡ ቅንጭብን ካልኦት ኣእዋምን ክኣ ብብዝሒ ይርከብዋ እዮም። ተቐማጦ ናቕፋ ካብ ናይ ካልኦት ከባቢታት ሳሕል ብመጠኑ ዝተፈልየ መነባብሮ ኣለዎም። ቀዋሚ ሕርሻን መጓሰን የዘውትሩ። ሰበኽ-ሳግማዊ ናብራ ጠራዕም ዝገደፉ'ዮም ክበሃል ግን ኣይከኣልን።

ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብ1977 ሓንሳብ ንሓዋሩ ካብ ናቕፋ ተሓግሒጉ ክሳብ ዝወጽእ መዓስከራቱ ሰሪሑ ይቕመጠላ ነበረ። እንተኾነ ኣብቲ ዝቐጸለ ሓርነታዊ ኩናት ብደብዳባት ጸላኢ ፈጺማ ባዲማ'ያ። ግን ክኣ ጸላኢ ዳግማይ ክረግጾ ዘይከኣለ ትእምርቲ-ጽንዓት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኮይና ክትከውን ዝበቕዐት ከተማ'ያ።

ናቕፋ፡ ከም ከተማ ኣብ ምቹእ ክሊማ ዘለዎ ከባቢ ዝተደኮነት'ያ። ስለዚ ዋላ'ኳ እቲ ናብኣ ንምብጻሕ ዘሎ ሓባጠ-ጐባጥ መገዲ ከምቲ ዝድለ ንኸይትዓቢ ዝዕንቅፍ ረቛሒ እንተነበረ ምስ ሱዳን ዚተኣሳሰር ናይ ንግድን ሸቐለትን ከምኡ'ውን ንተቐማጦኣ ዘሳሲ ሕርሻዊ ንጥፈት ስለ ዝነበራ ስርዕትን ምጭውትን ከተማ ክትከውን በቒዓ'ያ። ብወተሃደራዊ ዓይኒ ክኣ ኣገዳሲ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ ኣለዋ። ናቕፋ ቅድሚ መስከረም 1975 ኣድማዒ ወይ ተሪር ናይ ኩናት ዓውዲ ክይና ኣይተፈልጥን'ያ። እንተኾነ እቲ በብመድረኹ እናማዕበለ ዝመጽእ ዝነበረ ሰውራ ኤርትራ ብ1975 ኣብ ናቕፋ ምስ ሰራዊት መግዛእቲ ተጠማጠመ።



# ውግእ ናቕፋ-ክፉቲት በሪ ሓርነት ከተማታት

ሓደ ወጋሕታ ናይ መስከረም 1975 ናይ መጀመርታ መድፍዕ ኣብ እንዳ ገብር መሓመድ ዓብደላ ወደቐት። እግሪ-እግራ ዝሰዓበት ካልኣይቲ ኣብ ድብነት ዓድ-ኣብሆዋ ዓሊባ በኾኸት። ሳልሰይቲ ኣብ ኣፍላግ ወደቐት'ሞ ድሕሪ'ዚ ናቕፋ ኣብ ዓውደ ኩናት ተለወጠት። እቲ መድፍዕ ናይ ተጋደልቲ ኢዩ ነይሩ። እዚ ተጋደልቲ መጀመርያ ንናቕፋ ዘጥቅዕሉ እዋን ኢዩ። ቅድሚ 8-10 መዓልታት ናይ'ዚ ፍጻመ'ዚ ግን፡ ብተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ዝተላእኩ ሰባት፡ ዓበይቲ ዓዲ ካብታ ከተማ ወጺኦም ምስ ተጋደልቲ ክራኸቡ ከምዘለዎም ገበርዎም። ህዝቢ ግዳይ ናይ ክልተ ተራጻምቲ ሓይልታት ንኸይከውን ክኣ ካብ ናቕፋ ንኺወጽእ ሓበሬታን ምዕዶን ሃብዎም። በንጻሩ፡ ዓበይቲ ዓዲ ካብ ናቕፋ ወጺኦም ምስ ተጋደልቲ ከም ዝተራኸቡ ዝፈለጠ ኮሎኔል ግሞ ብግዲኡ ንሶኦም ኣኪቡ ንኸይወጹ ኣፈራርሆም። ኣብ መጀመርታ መዓልቲ ናይቲ ኩናት ግን ነቲ ገዝኡን ናብርኡን ንድሕሪት ገዲፉ፡ ተጐጥጒጡ ዝወጽእ ዝነበረ ህዝቢ ተጋደልቲ'ዮም ንሩባ እምባልቆ ከም መስሎኺት ሓዲጎምሉ። በዛ ኣጋጣሚ እዚኣ ወጺኦም ንዓዲ ስደት ዝበረሩ'ውን ሒደት ኣይኮኑን። ኩናት ምስ ዝሓለ ዝተመልሱን ግዳይ ግፍዕታት ጸላኢ ዝኾኑን እውን ነይሮም ኢዮም። ነዚ ክልተ ምርጫታት እዚ ዘይተቐበለ ክኣ ከም ጓል በረኻ ኣብ ፎቖዶ ሸንጭሮን መንቃዕን ተሸጒጡ ሓድሽ ናብራ ኣብ ምምስራት ኣተወ።

ኣብ ዓመቱ፡ ነዚ ፍጻም እዚ ተጋደልቲ እንደገና ንናቕፋ ኣጥቕዕዋ። ውግእ ናቕፋ ብ 17-09-76 እዩ ተጀሚሩ። ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት ነቲ መዓስከር ደቡብ፡ መዓስከር ሰሜን፡ መዓስከር ምብራቕ(ኣባሻውል) እንዳ ዓሊ ሒጐን ዝነበረ ጸላኢ ልክዕ ሰዓት 9:45 ናይ ንግሆ ተኹሲ ከፈተሉ። እቲ ውግእ ንጽባሒቱ 18-09-76'ውን ቀጺሉ ወዓለ። ክሳብ ሽዑ ጸላኢ 52 ወተሃደራት ከሲሩ። ክልተ ካብዚኣቶም ድማ መኮንናት ነበሩ። ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ሰራዊት ሓርነት ብብርቱዕ ደብዳብ ከቢድ ብረት ዝተሰነየ መጥቃዕቲ ኣካየደ። ጸላኢ ልዕሊ ሚእቲ ምውታት ልዕሊ ሚእቲ ቁሱላት ነበርዎ። ስርዓት ደርግ ነቲ ኣብ ክሳዱ መሸንቆቓ ዝኣተወ ሰራዊቱ ክድሕን ኣብ ዘካየዶ ን5 መዓልታት ዝቐጸለ ውግእ 36 ነፈርቲ ተሳቲፈን፡፡ ካብዚኣን ክልተ ወዲቐን፡፡ ሓንቲ ድማ እናተኸኸት ከይዳ።

ደርግ ነቲ ተኸቢቡ ናይ ርድኡኒ ኣውያት ዘእዊ ዝነበረ ሰራዊቱ ክናግፍ ካልእ ብልሓት ተባላሓተ። ብ22-09-76 ኣብ ጎልጉል ናሮ ተብዓት ኣብ ዝተባህለ ፍሉይ ቦታ 24 ሄሊኮፕተራት ረዳት ሰራዊቲ ከውርዳ ጀመራ። ንጽባሒቱ'ውን ምውራድ ቀጸላ። ዕላማ ናይቲ ረዳት ዝወረደ ሓደ ብርጌድ ዝኸውን ሰራዊት ጸላኢ ድማ ናብቲ በረኸቲ እምባታት ብምድያብ ብክሳድ ሓመዳይ ኣቋሪጹ፡ ዝባን ናቕፋ ብምውጻእ ንኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት ብድሕሪኡ ንምውቃዕ ነበረ።

እቲ ንረዳት ዝመጸ ሰራዊት ደርግ ኣብቲ ናይ መጀመርያ መዓልቲ ምንቅስቓሱ ተጋደልቲ ኣድብዮም ብምጽናሕ ከቢድ ማህሰይቲ ኣውሪደሙሉ። ኣብቲ ካልኣይ መዓልቲ 11 ነፈርቲ ዝተሳተፉኦ ደማዊ ውግእ ተኻየደ።እቶም ተሃንዲዶም ዝመጹ መራሕቲ ውግእ ሰራዊት መግዛእቲ ከም ዘይከነሎምን ተኸቢቦም ከምዘለውን ንላዕለዎት ኣዘዝቶም መልእኽቲ ኣመሓላለፉ። ሕሉፍ ሓሊፍዎም ካብቲ ከድሕንዎ ዝመጹ ኣብ ናቕፋ ተኸቢቡ ዝነበረ ሰራዊቶም ሓገዝ ሓተቱ።ኣብ ከረን ዝነበረ ሓደ ላዕለዋይ ኣዛዚ'ውን ብንድለት መራሕቲ እዩ። ብምባል ብትምክሕቲ ናብቲ ዓውደ ውግእ መጺኡ ክመርሕ ፈቲኑ። እንተኾነ ንሱ'ውን ነቲ ውግእ ምስ ፈተኖ "ረዳት ረዳት ክብል" ተሰምዐ። ረዳት ከም ዘይሰደድሉ ምስ ተነግሮ ሰራዊቱ መራሒ ክሃድም ተገዲዱ። ውግእ ናሮ ክሳብ 07-10-76 ቀጺሉ። ጎላጉል ናሮ ብሬሳታት ነበልባል ዝበሃሉ ሰራዊት መግዛእቲ ተሸፈነት። እቲ ውግእ ብ07-10-76 ክብቅዕ ከሎ ካብቲ ዝነበረ ብርጌድ ሰራዊት ጸላኢ እንትርፎ እቶም ኣምሊጦም ኣፍዓበት ዝኣተው 90 ዝኾኑ ወተሃደራት ዳርጋ ብሙሉኡ ኣብ ናሮ ተዋሒጡ ተረፈ።

ብድሕሪ ፍሽለት ውግእ ናሮ ጸላኢ ኣየር ወለድ፡ ዝበሃሉ ወተሃደራቱ ብነፈርቲ ኣብ ናቕፋ ክውርድ ወሰነ። እታ ኣየር ወለድ ክወርዱላ ዝተሓሰበት ጎላጉል ኣብ መንጎ መዓስከራት ሰሚንን ምብራቕን ዘላ ሜዳ ነበረት። ብዕለት 10-10-76 ሰለስተ ሲ.ዋን.ዋን.ናይን (C119) ዝዓይነተን ነፈርቲ፡ ኣብ ሰማያት ናቕፋ ኣየር ወለድ ብፓራሹት ክውርዱ ጀመሩ። ሰማይ ናቕፋ በተን ወተሃደራት ዘውርዳ ነፈርቲ፡ እቶም ዘውረድኦም ወተሃደራትን ጉልባብ ክገብራ ዝመጻ ናይ ውግእ ነፈርትን ኣዕለቕለቐት። ኣሎ ዝበሃል ብረት ኣሃዱታትና ናብ ሰማይ ገጹ ቀንዐ።



መላእ መንፈሶም ንመሬት ዝወፈዩ ተጋደልትን ህዝብን



ኣየር ወለድ ሰራዊት ደርግ ብዙሓት ካብኦም ኣብ ሰማይ ከለው ብጥይት ተቖልቡ። ገለ ካብኣቶም ድማ ነቲ መውረዲ ጉላጉል ስሒቶም ኣብ ልዕሊ ነታጉ ጸላኢ ስለ ዝወረዱ ብገዛእ ፈንጂታቶም ጠፍኡ። ኣይር ወለድ ክቕበል ካብ ጉድጓድ ዝወጸ ሰራዊት ማሞ (ኣብ ናቕፋ ዝነበረ መራሕ ሰራዊት ጸላኢ ኮሎኔል ማሞ'ዩ ዝበሃል) ተጸፊዑ ናብ ጉዳጉዱ ተመልሰ።

ጸላኢ ዝገበሮ ፈተነታት ኩሉ ምስ ፈሸለ ብዝሒ ሰራዊትን ታንክታትን ተጠቒሙ ካብ ኣስመራ ናቕፋ ክኣቱ ተበገሰ። ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝኣከቦም ሰራዊትን ታንክታትን ኣምሪሑ ብ20-11-76 ካብ ኣስመራ ንቶከር ነቐለ።ልክዕ ሰዓት 9:00 ክኸውን ከሎ ካብ ኣስመራ 12 ኪሎ ሜተር ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ቦታ ኮይኑ ንኢትዓብርን ከባቢ ገረግን ዘሎ ታባታት ብታንክታትን ብከቢድ ብረትን ክድብደብ ጀመረ። ጸላኢ ንትዕዝኡ ብኽልተ ኣንፈት ገይርዎ ነበረ። እቲ ቐዳማይ ጽርግያ ሒዙ ንቶከር ገጹ ክበገስ ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ብኸዚን ኣቢሉ ቡቲ ካናለታት ናይ ማይ ሓሊፉ፡ ካብ ዓዲ ሸኽ ንበለዛ ዝወስድ መንገዲ ሒዙ ብዓደረገት ሓሊፉ ወኪ ንኽበጽሕ ነበረ።

ነዚ ዕላማዚ ክተግብር ድማ ብወገን ጽርግያ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ኣቓልቦ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊትና ንምስሓብ ክንቅሳቐስ ጀመረ። ኣሃዱታትና መደብ ጸላኢ ኣብ ግምት ኣእትዩ ስለ ዝጸንሐ ካብ ዓደረገት ጀሚሩ ገረግ፡ ቶከር፡ ክሳብ መስፍንቶ ሒዝዎ እዩ ነይሩ። ስለዚ ድማ ጸላኢ ክሰልኮሉ ዝኽእል ዕድል ኣዝዩ ጸቢብ ነበረ። ድሕሪ ናይ ቁሩብ ጊዜ መናውራ ልክዕ ሰዓት 11:30 ቅድሚ ቀትሪ ብጸጋማይ ክንፊ (ዓደረገት) ጽዑቕ ተኹሲ ተጀመረ። እቲ ብሸነኽ ገረግ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ'ውን ኣብ ድብያ ኣትዩ ምስ ተጸፍዐ ሬሳታቱ ገዲፉ ሃደመ። ብወገን ኸዚን ዝነበሩ'ውን ምስ መራሒኦም ተዛሕዚሖም ተረፉ። ብጸጋማይ ክንፊ ጽዑቕ ተኹሲ እናተኻየደ ከሎ እቲ ብወገን የማን ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ታንክታቱ ኣምሪሑ ክንቀሳቐስ ተራእየ። ዕላማ ጸላኢ ብጸጋም ናይ መናውራ ተኹሲ ከፊትካ ብጽርግያ መሊቑካ ምሕላፍ እዩ ነይሩ። ኣብቲ መዓልቲ እቲ ውግእ ክሳብ ሰዓት 6 ናይ ምሸት ቐጸለ። ህዝባዊ ሰራዊትና ኣማስያኡ ጸረ መጥቃዕቲ ከፊቱ ንጸላኢ ናብ እምባደርሆን በለዛን ከም ዝሃድም ገበሮ።

እቲ ጽርግያ ሒዙ ዝተንቀሳቐሰ ሰራዊት ደርጊ ንዓድታት ጽሓፍ-ላም፡ ሽማንጉስ ላዕላይን ኣፍደዩን ኣንደደን። ክሳብ ብ21-11-76 እቲ ምንዳድ ዓድታት ቀጺልዎ።

ሓፈሻዊ ዕላማ ጸላኢ ነቲ ኣብ ናቕፋ ተኸቢቡ ዘነበረ ሰራዊቱ ንምድሓን እዩ ነይሩ። ኣሃዱታትና ንጸላኢ ኣብ መንገዲ ኣስመራ ከረን ብርቱዕ ማህሰይቲ ምስ ኣውረድሉ፡ ኣንሳሒቦም ናብ ገንፈሎም ወረዱ። ገንፈሎም መሓንቖ ቦታታት ስለ ዘለዎ ንጸላኢ ምእንቲ ክድምዕሉ እዩ ተመሪጹ። በዚ ከኣ ጸላኢ ከረን ክኣቱ ዕድል ረኸበ።

ሰራዊት ደርግ ከረን ኣትዩ ዳግመ ምውዳብ ድሕሪ ምግባር ብ02-12-76 ንናቕፋ ክኣቱ ተበገሰ። ካብ ከረን ክሳብ ማካላ. (10 ኪሎ ሜተር) ክበጽሕ ሙሉእ መዓልቲ ወሲዱሉ። ኣብ ሓመልማሎ ጸረ-ታንኪ ነታጉ

ስለ ዘጋጠሞ ሩባ ዓንሰባ ከይኣትው እዩ ሓዲሩ። ብ03-12-76 ልክዕ ሰዓት 10:30 ናይ ንግሆ ኣብቲ ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት ዘለዎ ድፋዕ በጺሑ፡ ኣብ ድብያ ስለ ዝኣተወ ተጋደልቲ ግርም ገይሮም ኣድሚዮምሉ። እንተኾነ ጸላኢ ግዝኢቲ ቦታታት ንምሓዝ ናይ ሞትን ሕየትን ፈንጠርጠር በለ። ኣብዚ ጽዕጹዕ ውግእ'ዚ ነፈርቲ ጸላኢ 24 ግዜ ተመላሊሰን ደብደባ።



ኣሃዱታትና ኣብቲ ካብ 03-12-76 ክሳብ 05-12-76 ዝተገብረ ውግእ ንጸላኢ ሰፍ ዘይብል ክሳራ ናይ ሰብን ንዋትን ኣሰኪምዎ። ብጸረ መጥቃዕቲ ድማ ካብ ሰለስተ ቦታታት ኣልቂቖም ኣብ ሓደ ቦታ ክም ዝእከብ ገበርዎ።

ጸላኢ እዚ ቀዳማይ ፈተንኡ ምስ ፈሸሎ የማነ ጸጋም ናይ ጽርግያ ተኹቲሉ ብ10-12-76 መጥቃዕቱ ጀመረ። እንተኾነ እቲ ጸላኢ ኣተኩሩሉ ዝነበረ ግዝኢ ቦታታት ብኣሃዱታትና ተታሒዙ ስለ ዝነበረ ንቲ ጎላጉል ሰጊሩ ኣብቲ ዝደለዮ ቦታ ክበጽሕ ኣይከኣለን። ምኽንያቱ ኣብቲ ግዝኢ ታባታት ዝነበሩ ኣሃዱታትና እቲ ጎላጉል ኣብ ትሕቲ ምቛጽጻረን እዩ ነይሩ። ጸላኢ እቲ ሳልሳይ ፈተነ ካብቲ ክልተ ፈተንታቱ ፍልይ ዝበለ ክገብሮ እዩ ሃቂኑ። መራሕቲ ቀይሩን ሓድሽ ሓይሊ ደሊቡን ብ20-12-76 ብሄሊኮፕተራት ኣብ ፕንፈሎም ወረደ።ብ23-12-76 ድማ ንቲ ተደጋጋሚ ግዜ ዘጥቕዖ ጸጋማይ ክንፊ ገዲፉ ንየማናይ ክንፊ መጥቃዕቲ ገበረ። ጸላኢ ንቲ ዝኣምኖ ቦጦሎኒ 31 'በርከፋች' ኢሉ ብምስያም ብየማናይ ወገን ኣጥቂዑ መስሓሊት ክምሳሕ ከም ዘለዎ ትእዛዝ ሃበ። ቦጦሎኒ በርከፋች መጀመርያ ተኹሲ ክጅመር ከሎ 'ኣትግደለው' ይዘሀ ኣምጣልኝ ዝብል ፈኸራ እናኣሰምዐ እዩ መጺኡ። ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ናይ'ቲ



ውግእ ግና 'መምለሲ ሰኢነ' ኢሉ ክጣራዕ ጀመረ።

እቲ ውግእ እናቐጸለ ጽሓይ ምስ በረቐት ኢፍ-5 ከምኡ'ውን ኢፍ-86 ዝዓይነተን ነፈርቲ ጸላኢ ንቲ ዝተዋጠረ ሰራዊት ከድሕና ኣዕለበጣ። እንተኾነ ከምጽኣኦ ዝኽእላ ለውጢ ኣይነበረን።

ኣብ ሩባ ዓንሰባ ዓሪዱ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ 7 ኣጋር ቦጦሎኒታት፡



ታንክታት፡ ድሩዓት መካይን፡ ቦጦሎኒ ከቢድ ብረት፡ 103 መኻይን እዩ ኣሰሊፉ ነይሩ። ኣብቲ ውግእ እቲ ነፈርቲ 104 ጊዜ ተመላሊሰን ደብዲበን።ሓንቲ ኤፍ-86 ከኣ ተወቒዓ፡ ኣብ ሸንኽ ድፋዓት ጸላኢ ወዲቓ። ሄሊኮፕተራት'ውን ብዙሕ ጊዜ እናተመላለሳ ይድብድባ ነይረን። ይኹን እምበር ሰራዊት ሓርነት ስኑ ነኺሱ ብምውጋእ ንቲ ብብዝሒን ብዓይነት ኣጽዋርን ዝተዓጻጸፎ ሰራዊት ጸላኢ ኣላሽ ኣቢሉ ንድሕሪት ክም ዝምለስ ገበሮ። ጸላኢ ኣብቲ ውግእ እቲ 600 ምውታት ብዙሓት ውጉኣትን ነይሮሞ። ብንዋት'ውን ብዙሕ ከሲሩ እዩ።

ናቕፋ! ኣብ ኢድ ሰራዊት ሓርነት ከይትኣቱ 'ንምድሓን' ሰለስተ መደባት ጸላኢ ሙሉእ ብሙሉእ ፈሸለ። እቲ ኣብ ናቕፋ ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ኣብ ጉድጓድ ኮይኑ ሓገዝ ክጽበ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ መጨረሻ ቀበጸ። እቲ ዝተኸበበ ሰራዊት ደርግ ኣብ ሽዱሽተ ዝተፈናተተ ግን ክኣ ንሓድሕደን ንመላእ እታ ከተማን ዘቛጻጽራ መዓስከራት ኮይኑ እዩ ዝከላኸል ነይሩ። እዘን መዓስከር ሰሜን፡ ደቡብ፡ ምብራቕን እንዳ ዓሊ ሒጎን (ቤት ጽሕፈት) ዝስመን መዓስከራት ካልእ ኣስማት'ውን ነይረወን። ኣባሻውል፡ ቤተ ክርስትያን፡ እንዳ ማሞ፡ እንዳ ፖሊስ፡ ጋራጅ፡ እንዳ ኮኔል'ውን ይብሃላ ነይረን።

ጸላኢ ኣብ መዓስከራቱ ንዝህሉ ምንቅስቓስ ተጋደልቲ ምእንቲ ክቆጻጸሮ ተበሊዑ ዝተወድአ ታኒካታት ዕሹግ መግቢ ንሓድሕዱ ብስልኪ ኣለጊቡ ከም ዘብረቕርቕ ገይርዎ ነበረ። እዚ ብልሓት'ዚ ንለይቲ'ውን ይሰርሕ'ዩ። ካብ መንገዲ ረም ዝበለ ታኒካታት ንሓንቲ እንተተንኪፍካ ንብዙርይኡ ገለብምጠም ስለ ተብሎ ናይ ጠያይቲ ረመጽ'ዩ ዝከዓወካ። ንሓገዝ ዝመጹ ኩንታላት ኣእካልን ኣብ ክሻ ዝተሸርበ ሑጻን ከኣ ከም መከላኸሊ ጥይት ኣብ መዛግብ ጸላኢ ተረስረሱ። ናቕፋ ናይ ሞትን ሕየትን ህልኽ



በቲ ባህርያዊ መንገዲ ንዘመናዊ ዓለም ዝመኩቱ


ዝካየደላ ዓውዲ ቅልስ ተለወጠት። ዝጐድል እምበር ዝውሰኽ ነገር ጠፍአ። ጸላኢ ምስ ካልኦት ኣሃዱታቱ ብመሬት ዝነበሮ ርክብ በቲኹ ብዓቕሊ ጽበት ተለለወ። እታ ዘነበረቶ ሓንቲ መተኣሳሰሪት መንገዲ ሬድዮ ርክብ ጥራይ ኢያ ኮይና ነይራ። ጸላኢ ዓቕሊ ጽበቱ፡ ሕጽረታቱ፡ ኣውያቱን ሞቱን ብቕሉዕ የመሓላልፎ ነበረ።

እቲ ኩናት ን6 ኣዋርሕ ቀጸለ። ዓይኒ ሕዝ ክተብል ከላ ካብቶን ዓረደን ዝነበራ ሓይልታት ዝሃጅሙ ተጋደልቲ ይዋጽኡ'ሞ ዕላማ መጥቃዕቶም ተኻጊርዎም ይብገሱ። ተጋደልቲ ዝፍጽም ፈጺሞም ስውኦም ቀቢሮም ውጉኦም ጾይሮም ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ ናብ ድፋዖም ይኣትዉ። ወገን ከጥቅዕ ጸላኢ ክከላኸል ግዜ ሓለፈ። ስለዚ፡ እቲ ምስ ቀንዲ ኣካላቱ ምትእስሳሩ ዝበተኸ ጸላኢ ዕጥቅን ስንቅን ክሓጽሮ ጀመረ። ኣብ ኢጋ መወዳእታ ነብሲ-ወከፍ ወተሃደር ጸላኢ በትሪ መስል ካራ ዝዓጥቀሉ ደረጃ በጺሑ ነበረ። በዚ ከኣ ኣብታ ተኸቢባ ዝተሓንቀት ናቕፋ ናይ «ጃንጥላ» (ብነፋሪት ዝስንዶ ንብረት) ገበጣ ተኣታተወ። በቲ ግዜ እቲ ተጋደልቲ ክራር ኢሎም ዝጽውዕወን ዓይነት ነፈርቲ ኣብ ሰማያት ናቕፋ



ኮይነን ዝደርበየኦ ጃንጥላ ናይ ክልቲኡ ወገን ኣዒንቲ ስለ ዝስሕብ ናይ መን ቀደመ ጉያ ይካየድ ነበረ። ምድሪ ምስ ጸልመተ ወተሃደራት ጸላኢ በቲ ሓደ ሸነኽ ክጐተዋ ከለው ተጋደልቲ በቲ ሓደ ሸነኽ ዝጐትሉ ግዚያት ነይሩ ኢዩ። ጸላኢ ኣብዚ መዳይ እዚ'ውን ወተሃደራዊ መናውራ ኪገብር ፈተነ። ሑጻ ዝመልአ ከሻሹ ናብ ወገን ተጋደልቲ ክስንዱ ከሎ ንብረት ዘለዎ ግን ናብ ወተሃደራቱ ይስንዱ። ከም ጥበብ ግን ነዊሕ ክካይዱ ኣይከኣለን። ምኽንያቱ ተጋደልቲ ነቲ ኣብ ጥቕኦም ወይ ድሕሪኦም ዝነጠበ ጃንጥላ ንዕኡ ከም ትሑዝ ወሲዶም (ናብኡ ከየድሃቡ) ናብቲ ካልእ ገጾም የቋምቱን ኣብኡ ይተሃላለኹን ስለ ዝነበሩ'ዩ። እቲ ክሻ ሑጻ ሒዙ ዝነጠበ ጃንጥላ'ውን እንተኾነ ተጋደልቲ መእሰር ነጸላ፡ ፈትሊ መስፈይ ዕጥቅን ዓለባን ስለ ዘይስኣኖ ኣይጸልእዎን ነበሩ።

ናቕፋ፡ ተቐማጣያ ዝኣጐዶ ሓዊ ከየጥፍአ፡ ዝሓለፀ ጸባ ከይሰተየ ኣብ ኢዱ ዝነበራ ሒዙ ምስ ወጸ ሕልምልም ኢላ እያ። ናቕፋ ወዘሕዛሕ



ዝብል ተራ ሂወት ዝመርሕን ሰብ ስኣነት። ኣየሕለምለመትን ግን። ወጊሑ ክሳብ ዝዓርብ ዓሪቡ ክሳብ ዝወግሕ ብድምጺ ከበድቲ ቦምባታት ደብዳብ ነፈርቲ ኣብ መሬት ዝተሸጕጡ ፈንጂን ናይ ጠያይቲ ዝናብን ዘየዕርፈላ ዓውዲ እያ ኮይና ነይራ። ናቕፋ ካብ ግዝኣቲ ምኽኢን ናብ ሓርነት ኪትሰጋገር ተጻዕረ። እዚ ኩሉ ጻዕሪ ካብ ኩለን ከተማታትና ቦኽሪ ሓርነት ንኽትከውን'ዩ። ስለዚ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ገጻ እናጸምለወ ከደ። ብኡ መጠን ከኣ ናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ጻዕሪ እትገላገለሉ ናይ ዕረፍቲ ዕለት ተገማገመት።

ኣብ ታሪኽ ሰራዊት ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ መካይን ተጻዒንካ ብመልክዕ

ቀፍላይ ምጉዓዝ ናይ መፈለምታ ኪኸውን ይኽእል'ዩ። እተን ኣብ ከበሳታት ዝነበራ ቦጦሎኒታት ተመራሪሐን ንናቕፋ ተጓዕዛ። ከባቢ'ታ ከተማ ብሸሸ ተጋደልቲ ተጐቢኣ ነበረት። ተጋዳላይ ኣብ ከባቢ ናቕፋ ከይሎ ነታ ናይ ዜሮ ሰዓት ብርእሰ ተኣማንነት ተጸበያ። ህዝባዊ ግንባር ከሳብ'ቲ ሽዑ ዝነበሮ ዕድመ ብናይ ቀትሪ ውግእ ኣዚዩ ውሱን ተመኩሮ'ዩ ኣዋህሊሉ ነይሩ። ኣብ ናይ ኩናት ስነ-ፍልጠት ብመዓልትን ብለይትን ዝካየዱ ውግኣት ነናቶም ብልጫን ድኽመትን ኣለዎም። ናቕፋ ከኣ ሓንቲ ዓባይ መቐይሮን ክትከውን ብቐትሪ ክትተሓዝ ተወሰነ። ጸላኢ ዘይተጸበዮ ሃንደበታዊ ፍጻመ ኮነ። ምኽንያቱ ኣብ ከምቲ ናይ ናቕፋ ከባብን ንመንፈቕ መመላእታ ናይ ለይቲ ኩናት ዝተኻየደሉ መስመርን፡ መዓልቲ ከም ለይቲ እተዕርፈሉን ኣመት ነብስኻ እትገብረሉ ባህርይ ክሕዝ ግድን'ዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር ብ22/03/77 ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ መዓስከር ጸላኢ ጠያይቲ ተጋደልቲ ክፈሰ ጀመረ። ናቕፋ ኣንቀጥቀጠት። ንቕድሚት ገጹ ዝዘልል ተጋዳላይ ኣስተውዒላ! ነቲ እናሃጠመ ዝኸይድ ዝነበረ ድምጺ ኣውያት ወተሃደራት ጸላኢ በቲ እናጐልሐ ዝመጽእ ዝነበረ እልልታ ተጋዳላይ ተኪኡ።



ናቕፋ ትእምርቲ ጽንዓት


ሓይልታትና ንመዓስከር ደቡብ ኣጥቂዐን ብውሑዳት ደቓይቕ ተቖጻጺረኦ። ዳግመ ምውዳብ ብምግባር ድማ ሰዓት ሰለስተ ድሕሪ ቀትሪ እንዳ ዓሊ ሒጎ (ቤት ጽሕፈት) ኣጥቂዐን ተቖጻጺርኦ። መጥቃዕተን ብምቕጻል ድማ ንመዓስከራት ሰሜን፡ ምብራቕ፡ እንዳ ማሞ፡ ጋራጅን ክድብድባኦ ጀመራ። ልክዕ ሰዓት 4 ድሕሪ ቀትሪ ኣቢሉ ድማ መዓስከር ሰሜን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ተጋደልትና ኣተወት። ወትሃደራት ጸላኢ ካብ መዓስከር ሰሜን ናብ ጋራጅ ገጾም ሃደሙ። እንተኾነ ጋራጅ'ውን ድሮ ኣብ ምቑጽጻር ኣሃዱታትና ኣትያ ስለ ዝነበረት ወተሃደራት ጸላኢ ኣብ መዓስከር ምብራቕ ተኣኻኸቡ። ጀጋኑ ተጋደልትና ንመዓስከር ምብራቕ'ውን ኣየላበውዋን፡ በኡ ንብኡ ተቖጻጺሮማ።እቶም ተረፍ መረፍ ወተሃደራት ጸላኢ ንእፍዓበት ገጾም ሃደሙ። እንተኾነ ኣብ መንገዲ ኣሃዱታትና ድብያ እናገበራ ሓያሎ ኣትሪፈናሎም። ብፍላይ ኣብ ዓዲ ሽሩም ድማ ብዙሓት ተቐቲሎም። በዚ ድማ እቶም ብሂወቶም ኣፍዓበት ዝኣተው



ኣዚዩም ውሑዳት ምዃኖም ክግመት ይከኣል።

ሰዓት 6 ድሕሪ ቀትሪ ጽሓይ ኪያ ጎቦታት ኪትሰቱኽ ኣብ ዝቐረበትሉ ሰዓታት ብርሃን ሓርነት ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ናቕፋ በረቐ። 22-03-77 ንጸላም ናቕፋ ዝቐንጠጠት ሕርይቲ ዕለት ኮነት። ካብቶም 600 ኣቢሎም ዝነበሩ ወተሃደራት ጸላኢ 420 ወተሃደራት መኮንናትን ምስ ሓደ ኮሎኔል ተቐቲሎም። 170 ወተሃደራት ድማ ተማሪኾም። 24 ካብዚኦም ዝተፈላለየ ማዕርጋት ዘለዎም መኮንናት ነበሩ። መዓስከር ናቕፋ ምስ ሙሉእ ትሕዝቶኣ ኣብ ኢድ ተጋደልትና ኣተወት። ኣብቲ እዋን እቲ "ሎሚ ናቕፋ ጽባሕ ኣስመራ" ዝብል ጽሑፍን ኣሳእልን ዝሓዙ ወረቓቕቲ ኣብ ብዙሓት ከተማታት ኤርትራ ተዘርግሖ። ፍናን ህዝብናን ተጋደልትን ኣገዪ ክብ ኢሉ፡ ፍናን ጸላኢ ድማ ባይታ ዘበጠ። ናቕፋ.....ሓራ ናቕፋ! ካብ ናይ መድፍዕን ጠያይትን ነውጺ ተገላጊላ ኣስተንፈሰት። ኣብቲ ግዜ'ቲ ናቕፋ ከም እንደገና ካልእ ቅያ ክትፍጽም ምዃና ዝገመተ ኣይነበረን። ኣብቲ ዝቐጸለ 10 ዓመታት ናቕፋ ትእምርቲ ጽንዓት ሰውራ ኤርትራ ኮይና ኣሕሊፋቶ።

ንከተማ ናቕፋ ዝተቖጻጸረ ሰራዊት ሓርነት ከኣ ክልተ መዓልቲ እሮይ ከይበለ «ሰብን መሬትን በብቑሩብ ሓራ ምውጻእ» ዝብል ጭርሖ ሒዙ፡ ናብቲ ዛሕዛሕ ዝበለ ኣጽዋር ጸላኢ ዝጐደሎ መሲኡ፡ ነጸልኡ ዓጺፉ ሸድኡ ኣልሒሙ ነዊሕ ጉዕዞ ጀመረ። እታ ናይ መጀመርታ ታርጌቱ



ድማ ኣፍዓበት ነበረት። ኣፍዓበት፡ ኣብቲ ዋርዋር ዝብል ሰጣሕ ጐልጐል ብጐቦታት ተኸቢባ፡ ብወተሃደራት ጸላኢ ትሕመስ ነበረት። ኩናት ከም ሓዊ በሪኽ እናላሓመ ከደ። ምዕባልኡ ከኣ ቅልጡፍን ዘገርምን ኮነ። ሓምለ 1978 ኣርኪቡ ጉዳይ ኤርትራ በዓል ሶቭየትሕብረት ሙሉእ ዓ

ቕመን ኣፍሲስን ክሳብ ዝቕይርኦ ክኣ፡ ጸላኢ ዝቆጻጸረን ሒደት ከተማታት ጥራይ ተረፋ። ከምቲ ሰውራና ዝተነበየ ኣስመራ'ውን ኣሰር ናቕፋ ክትሕዝ ናይ ውሑዳት ኪሎሜተራት ጋግ ጥራይ ተረፋ። ብወንጭፍ ከም ዝሕሎ መሸላ ተጋደላይ ብኩሉ ሸነኻታ ዓሪዱ «ሎሚ'ዶ ጽባሕ» ኢሉ እናኣማረጸ ክሎ እስትራተጂካዊ ምዝላቕ ኣጋጠመ።

## ሓጺር ታሪኽ ድፋዓት ናቕፋ

ኣብ እዋን ስትራተጂካዊ ምዝላቕ፡ ኣብተን ዝሰዓባ ኣዋርሕ ኤርትራ ከም ሓንቲ ንእሽቶ ናይ ባሪካታት መዓስከር፡ ብእልቢ ዘይብሉ ሰራዊት ዘመናዊ ኣጽዋርን ናይ ደገ ኣማኸርትን ተመልአት። ብኩሉ ሸነኻታ ድማ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ዓብለላ። ቋሕ ኢልካ ሰም ኢልካ ሕጺጽ ዝብላ ነፈርትን ሻሕሻሕታ ታንክታትን ጥራይ ኮነት። እተን ብርሃን ሓርነት ርእየን ዝነበራ ገለ ከተማታት ከም ብሓድሽ ኣብ ኢድ ጸላኢ ኣተዋ። ናቕፋ ክኣ ካብ ኩለን ከተማታት እታ እንኮ ንዝሓለፈቶ ጸላም ግዜ ኪምለሳ ፍቓድ ዘየርኣየት ኮነት። ዑቕባኣ፡ ተሪርን ምስ ራህዋን ጸገምን ዘይለዋወጥ ምኽኑ ዝኣመነ ተጋዳላይ'ውን፡ ንጸላኢኡ እናተወግኦን እናኣዳኸመን ናብ'ቶም ከም ግናዕ ኢዱ ዝፈልጦም ጉቦታት ከባቢ ናቕፋ፡ ኣብ ከባቢ ታሕሳስ 1978 ተመልሰ። ናቕፋ ስለማታን ግርማኣን እናቐንጠጠት ንዑኡ ደው ክትብል፡ ንሱ'ውን ርሃጹ ኣካላቱን ሂወቱን ወፈዩ ኣሕሊፉ ክይህባ ኪዳን ተኣታተወ። ንዚያዳ 10 ዓመት ኣብ እምባታታን ሩባታታን ኮይኑ ዝመከተ ተጋዳላይ ክኣ ማዕረ-ማዕረ ታሪኽ እምባታት ከባቢ ናቕፋ ውቅያኖስ ዝሰገረ ዝናን ስምን ክትርፉ ከኣሉ። እምበኣርከስ ኣብ'ዚን ዝቐጸላ ገጻት ኣስማት ድፍዓት ናቕፋን መንቀሊኡን ክንዝርዝር ኢና።

ኣብዚ ዝርዝር ኣስማትን መበገሲኡን ዝጠቅስ ጽሑፍ እቲ ዝበዝሐ ተጋደልቲ ነዛ ታባ እዚኣ ኩስቶ ይብልዋ ህዝቢ ክኣ ኩስቶ ይብላ ኪትብል ኣየኽእልን ኢዩ። ምኽንያቱ ዕርዲ ተጋደልቲ ብወተሃደራዊ ዓይኒ ተጠሚቱ ለሚጡ ብመትረባት (ካናለ) ዝተተሓሓዘ ኢዩ። ኣብ ርእሲኡ ድማ ብሰንኪ ኣቀማምጣ ናይ'ቲ ቦታ ሓንቲ ጉቦ ፊት-ንፊታ ጸላኢ እንተሃልዩ እሞ ክኣ ተጠቃዒት እንተኾይና ስማ ንዑኡ ዘንጸባርቕ ይኸውን። ነዊሕ ክይከድካ ግን ብኩሊታ ጸዳፍን ዘይተወቃዕን ቦታ እንተሃልይዋ ማለት ካብ ተወጋኢ ስለያን ካልእ ሱልኪታትን ጥራይ ምክንኻን እትሓትት እንተ ኮይና ንዑኡ ዝእምት ሰላማዊ ስም ይወሃባ። ስለዚ ኣብ ሓንቲ ታባ ክልተ ኣስማት ክትረክብ ትኽእል። ብኣንጻሩ ኣብ ኣሰያይማ ናይ ተቐማጦ ግን ንቶም ዓበይትን ፍሉያትን ከም መበገሲ ሒዝካ ካብኣ ምስ ወረድካ ዘላ ዕውዲ-ዕውዶ ወይ ኩርባ እናበልካ ኣጠቓሊልካ ምጽዋዕን ምሕባርን ይረኣ'ዩ።

ግንባር ናቕፋ ነዊሕ ስፍሓት ዝዓምም ዓበይቲ እምባታት፡ ንኣሽቱ ኮረቢትን ለጥላጥ ኣቃውማን ዘለዎ ስፍራ ኮይኑ ሸንጭሮታትን ሩባታትን'ውን



ዘጠቓለለ ቦታ ኢዩ። እዚ ቦታታት እዚ ኣብ እዋን ኩናት ዘተዋህቦ ወይ'ውን ምስ ባህሪ ኣደኽኹንኡ ዝወጸ በበይኖም ዓይነት ኣስማት ኣለዎ። ገሊኡ ኣስማት ምስ'ቶም ኣብቲ ቦታ ዝተፈጸሙ ቅያታት ኲናት ዝተኣሳሰረ ኢዩ። ዳሕራይ-ዳሕራይ ክኣ ከም ቀንዲ መጸዊዒያም ኮይኑ ተረፉ'ሎ።

እዚ ግንባር እዚ ምስቲ ዘለዎ ስፍሓትን ምስቲ ኣሃዱታት እናተቐያየራ ዝሕዝኦ ምንባረንን ገለ-ገለ ዝለዋወጥ ኣስማት ክነብሮ ግድን ኢዩ። ስለዚ፡ ይኹን ድኣ'ምበር ንኹሉ ብስሩዕ ተርታ ምቕራብ ዘይከኣል እኳ እንተኾነ፡ ብዝተኻእለ መጠን እቶም ፍሉጣትን ዝቀራረቡን መዛግብቲ ኩናት ኣስማቶም ጥራይ ዘይኮነ ምኽንያት ኣወጻጽእኡ'ውን ካብ ተቐማጦ'ቲ ከባብን ኣብ'ቲ ግንባር ንነዊሕ እዋናት ዝዓረዱ ተጋደልትን ክእከብ ተፈቲኑ'ሎ።

## እምባ ደንደን

ደንደን ካብ'ቶም ንጥቓ ዓሰርተ ዓመታት ብቀዋምነት ዘገልግሉ ዝነበሩ ዕርድታት ተጋደልቲ ሓደ ኢዩ። ብስሙ ክኣ ግደፍ ኤርትራዊ ካልኦት ዜጋታት'ውን ይፈልጥዎ'ዮም። እምባ ደንደን፡ ኣብ ሂባኑ ኮይንካ ንኣዚዩ ሩሑቕ ከባቢታት ክተማዕዱ ዘኽእል ናይ 1969 ነቑጣ ብራኸ ዘለዎ ግዝኢ ድፋዕ'ዩ። ኣውሊዕን ተሃሰስን ክኣ ይበቕሎ። ስም ናይዚ በሪኽ እምባ ብተጋደልትን ብተቐማጦ'ቲ ከባብን ሓደ'ዩ። ደንደን ይበሃል። ኣብኡ ዓበይቲ ደናጉላን ብዓትታትን ንሓድሕዶም ዝተሓናገፉ ተረርቲ ኣእማንን ኣለዉ። እዚ ዕድለኡ'ዚ ምስ ስሙ ቀጥታዊ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ይንገር። ምኽንያቱ፡ ብቛንቋ ትግረ «ደንደን» ማለት መቓልሕ ዝመልስ ዘጉረምርም ደሃይ ማለት ኢዩ። ደንደን ቅድሚ ናይ ኩናት ቦታ ምኻኑ'ውን ብቐሊሉ ዘይድፈር ሕፉር እምባ ኢዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ድማ፡ ዝሕንሕን ኣምበሳ ዝጥዕም ምጉርምራም ኣይፍለዮን ነይሩ። ከምዚ ሎሚ ደንደን ብኩናትን ኣራግጽን ኣግራቡን እንስሳ ዘገዳሙን ከይተቐንጠጠ ከሎ፡ ድምጺ ናይ እግርኻ'ውን መቓልሕ እናመለሰ ዘፍርሕ ወይ ነብስኻ ግንብንብ ዘብል ሓያል ማዕበል ዝፈጥር እምባ ምንባሩ ይዝንቶ።

እምባ ደንደን ከም ቀዋሚ ድፋዕ ካብ ዝምረጽ ክሳብ ካብ ናይ ኩናት መስመር ንድሕሪት ዝተርፍ ሓይሊ ጸላኢ እናበሃጐ ግን ክኣ ክረግጾ ዘይበቕዐ እምባ ጽንዓትን መኸተን እምባ መስዋእትን ዓወትን ምኻኑ ይፍለጥ።

## ላጅን

ብዓረብኛ ቃል ብቃሉ ስደት ወይ ዑቕባ ማለት የስምዕ። እዚ ካብ ደንደን ንየማን ዝርከብ ተረተር ክኣ ላጅን ዝተባህለሉ ምኽንያት ነዚ ትርጉም'ዚ ተጕዝጊዙ'ዩ። ላጅን፡ ዋላ'ኳ ኣብ ቀዳማይ መስመር ናይ ኩናት ዝርከብ ቦታ እንተኾነ፡ ኣጥቃዒ ሓይሊ (ጸላኢ) ንዕኡ ተቖጻጺሩ ኣብ ትሕቲ ዓበይቲ ጉቦታት ኮይኑ ብመንበስበስትኡ ስለ ዝውቃዕ፡

ኣብቲ ኣተሓሕዝኡ ክምጽኡ ዝኽእል ለውጢ የልቦን። ስለዚ፣ እተን ኣብ ካልእ ርሱን ድፍዓት ክሞግኣ ጸኒሐን (ቀንየን) ሓይሊ ሰበን ብምኽንያት መውጋእትን መስዋእትን ዝተደኸማ (ወይ ክዕርፋ ዝግብአን) ጋንታታት ንሓውሲ ዕረፍቲ ዝዓርዳሉ (ዝዕቆባሉ) ድፋዕ'ዩ።

## ዋንጫ

ዋንጫ፣ ንእምባ ደንደን ተገዝጊዝዋ ዘሎ እምባ'ዩ። ዋንጫ ዋላ እኳ ተወቃዕን ተማዕዳውን እንተኾነ ካብ'ቶም ብቦምባ ኢድ ዝተቐላለጡ ድፋዓት ግን ኣይኮነን። ንደንደን ብሓውሲ ኩሊት ድሕር ኢሉ'ዩ ዘሎ። ዋንጫ ዝብል ስያመ ከኣ ብቐጥታ ካብ ቅርጹ ዝነቐለ ኢዩ። እዚ እምባ'ዚ ብማዕዶ ክረአ እንከሎ ዝተገልበጠት ዋንጫ (ምለኪ'ኸ) ኢዩ ዝመስል። ነዚ ዝተዓዘቡ ተጋደልቲ ድማ ዋንጫ ዝብል ስም ሂቦሞ። ኩሉውን ካብ ርሑቕ ዝምዕዶን'ዩ።

## ቦሊቦል

እዚ ዕድርዲ'ዚ በሪኽ ኣብ ርእሲ ምኽኑ ኣደኺ'ኹንኡ ንኮልኮል ናሮ ክተማዕድሉ ምቹእ'ዩ። ሓይሊ ጸላኢ ከኣ ናብኡ ልግብ ኢሉ ዓሪዱ ነበረ። ኣብ መንጎ ጸላእን ተጋደልትን ሓንቲ ንእሽቶ ጥጥሕቲ ጐልጐል ጥራይ ኢያ ነይራ። ኣብ ቦሊቦል ካብ ብረት ኣቕኒዕካ ክትትኩስ ብቦምባ ኢድ ክትደራብ ትመርጽ። እቲ ምኽንያት ብዙሕ ኢዩ። ብቐንዱ ዕርድታት



ህዝብን ተጋዳላይን ኣብ ሓንቲ ዕላማ - ንሓርነት



ወገንን ጸላእን ኣዚዩ ዝተቐራረበ ስለ ዝኾነ ክተነጻጽር ርእሰ'ኻ ክተውጽእ ዕድል የብልካን። ስለዚ፣ ብቦምባ ኢድ ኢ'ኻ ትዋጋእ። ኣብ እዋን ሻድሻይ ወራር እቲ ምድርባይ ቦምባ ኢድ እንካን ሃባን ስለ ዝነበረ ተጋደልቲ ንሓድሕዶም እናተዋዘዩ «እዝስ ውግእ ዘይኮነስ ጸወታ ቡምባ ቦሊቦል'ዩ» ኢሎሞ። ካብኡ ንነጀው ከኣ በዚ ስም እዚ ተፈሊጡ። ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ፣ ብዙሓት ተጋደልቲ፣ ካብ ጸላኢ ንዝተሰንደወት ቦምባ ቃዕ ኢላ ቅድሚ ምፍጃራ ብልዑል ቅልጣፈ ኣልዒሎም ናብ ዝመጸቶ ዝመልሱሉ ኣጋጣሚታት ነይሩ'ዩ። በዚ ኣገባብ'ዚ ክጥቀሙ ቦምባ ኣብ ኢዶም ተፈጂራ ዝቆረጸቶም ኣለዉ። ይኹን'ምበር ቦሊቦል በዚ መንዳይ'ዚ እንታይ ርእያ (መዝጊባ) ትሕዝ ሓበሬታ የለን። ብዘይካ እዚ ኣብ ቦሊቦል ኣብ መንጎ ጸላእን፣ ወገንን ኣብ ዝርከብ ቦታ ሓንቲ ዓባይ ከውሒ ነይራ። እዛ ዓባይ ከውሒ ተጠቒሞም ወገንን ጸላእን ቡምባ ኢድ ይደራበዩላ ነይሮም። ገለ ሰባት እቲ ቦሊቦል ዝብል ስም ካብዚ ምትብባል እዚ ዝነቐለ ኢዩ ይብሉ።

## ግሎብ

እዚ ድፋዕ እዚ ከምቲ ካልእ ድፋዓት ፊት ንፊት ዓሪድካ ክትታኹሰሉ ዘየኽእል ዕርዲ'ዩ። ከምኡ ክትገብር እንተፈቲንካ ብኹሊትካን ብድሕሬ'ኻን ካብ ጸላኢ ይትኩሰካ። ስለዚ ብዙርያ ኣኽቢብካ ክተገዞግብ ትግደድ። ግሎብ (ቅርጺ ዓለም) ማለት ከኣ ነዚ ኩነት እዚ ንኽገልጽ ዝወጸሉ ስም ኢዩ። ይኹን'ምበር፣ ነቲ ኣታዊ ባህሪኡ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣተሓሕዛ ተገይሩሉ፣ ጸላኢ ክሰግሮ ዘይክኣለ ኣብ መዘንገብ ዕርዲ ጽንዓት ስሙ ዘእተወ ድፋዕ ክኸውን ኪኢሉ'ዩ።

## ፊደል ፐ

ፊደል ፐ ሩባ ሕዳይ ወዲ እካ ንናቕፋ ኣብ ዘቖልቕል በሪኽ መገዲ መኪና ዘሎ ድፋዕ ኢዩ። እዚ ዕርዲ'ዚ ጽርግያ ንምዕጸውን ንዑኡ ንምሕላውን ቀንዲ በታ'ዩ። ስለዚ፣ ቅርጺ ናይ'ቲ ኣተሓሕዛ ድፋዕ ንፊደል ፐ ኢዩ ዝመስል። እዚ ካብዚ ·ትዕዝብቲ እዚ ዝወጸ



ድፋዓት ከባቢ ግሎብ

ስም ድማ መጸዊዕኡ ኮይኑ ተረፈ። ፊደል ፐ ንጽርግያ ከሪፉ ዘሎ፡ ጸላኢ ከኣ ካብ ርሑቕ'ውን ከም መብተኺ (ነቲ መላእ ግንባር ከፍርሰሉ ዝተመነየ/ ኢሉ ዝባሃሉን ዘይረኽቦን ዕርዲ'ዩ።

## መርከብና

እዚ ካብ ከባቢኡ ብርኽ ኢሉ ዝርኣ ቦታ'ዩ። ጸላእን ምንቅስቓሱን ኪከታተል ዝተመዘዘ ዋርድያ ኣብቲ ብራኽ መንበስበስትኡ ደይቡ ኮፍ ምስ በለ ዝፈጥሮ ቅርጺ ንሓንቲ መልሕቓ ሰዲዳ ጠጠው ዝበለት መርከብ ዘኻኽር'ዩ። በዚ ከኣ ዕርዲ መርከብና ጸላኢ ንምርጋጽ ዝተቐረበት መርከብ ትመስል። ስለዚ፡ ስም ናይዚ ድፋዕ እዚ ምስ ቅርጹ ተኣሳሲሩ ዝተበገሰ ኢዩ።

## ተኣማመን (እንዳ ዱባለ)

ታባ ተኣማመን በቲ ጸላኢ ክመጸካን ከጥቅዓካን ዝግበኣሉ ሸነኽ ጽኑዕ (ግደፍ ምስ ዘዚፍ ወታሃደራዊ ሳእንኻን ዕጥቕኻን ስንቕኻን ብጥራይ ኢድካ'ውን ክትሓኹሮ ዘይከኣል) ጸድፊ ኣለዎ። ኣብ መንጎ ጸላእን ተጋደልትን ከኣ ናይ 30-50 ሜትሮ ርሕቀት'ዩ ነይርዎ። እዚ ድፋዕ እዚ ካብ እንዳ ሰጋ ንየማን ስለ ትርከብ ንጸጋማይን ማእከላይን ክንፍታት ናይ'ቲ ግንባር ኣገዳሲ መላግቦ'ዩ። ስለዚ፡ ንጸላኢ ቅሳነት የብሉን። ስለዝኾነ ድማ ብቐጻሊ ናይ ስለያ ኣሃዱታት ክከታተላ ይጽዕር ነበረ። እቲ ኣብኡ ዝዓረደ ናይ ወገን ሓይሊ ግን ተዛማዲ ቅሳነት ይህልዎ'ሞ ተኣማማኒ ክዋጋእ ይኽእል። ካብ 1979 ኣትሒዙ ድማ ተኣማመን ስማ ኮነ።

ታባ ተኣማመን እንዳ ዱባለ ተባሂሉ'ውን ይፍለጥ ኢዩ። ነዚ ካልኣይ ስም ዝተዋህበሉ ምኽንያት ሓደ ኣብ ውግእ ሶማል ዝና ኣትሪፉ'ዩ ዝበሃል ናይ ስለያ ኣሃዱ ናብዚ ቦታ'ዚ መጺ'ሞ ንስለያ ኣብቲ ጸዳፍ ገጸት ናይ'ቲ ድፋዕ ተጸግዐ። ነዚ ዝፈለጣ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ጸቢብዎ ከሎ ሕኑቆ ኢለን ናብቲ ጸድፊ ጠያይቲ ኣዝነባ። ዱባለ ዝተባህለ ኣባል ናይቲ ናይ ስለያ ኣሃዱ ድማ ተወቒዑ ተረፈ። ብሂወቶም ክምልጡ ዝኸኣሉ ብጾቱ ምልእቲ ለይቲ «ዱባለ! ዱባለ!» ክብሉ ሓደሩ። መሬት ምስ በርሀ ሬሳ ዱባለ ተገቲቱ ምህላዉ ምስ ኣማዕደ' ጸዊዒቶም ኣቋረጹ። በዚ ከኣ ታባ ተኣማመን እንዳ ዱባለ ዝብል ካልኣይ ስም ተዋህባ። ካልእ ብዙሕ ኣፈ-ታሪኽ ኣወጻጽኣ ስማ'ውን ይዕለል'ዩ። እቲ ካብ ዝበዝሑ ዝተረኽበ ሓበሬታ ግን እዚ'ዩ። ብተወሳኺ መጀመርያ እንዳ ዱባለ ተባሂላ ካብኡ ድማ ታባ ተኣማመን ተባሂላ ዝብል ሓበሬታ'ውን ኣሎ።

## ኩባንያ

ኣብ ጫፍ ጐላጉል ናይ ናሮ ዝርከብ ብኣውሊዕን ታህሰስን ዝተሸፈነ ዓቢ ጐቦ እዩ። ነዚ ስፍራ'ዚ ኣብ መጀመርታ'ኳ ጸላኢ እንተነበሮ ዳሕራይ ድፋዕ ሰራዊት ሓርነት ኮይኑ ነበረ። ንጸላኢ ኣመና ዘገድሶ ነቑጣ ስለ



ዝነበረ ከኣ ናይ ኩናት ህልኽ ኣይተፈልዮን። ጸላኢ፡ ኢጋር ሰራዊት ቅድሚ ምስዳዱ ኣሎ ዝበሃል ከበድቲ ኣጽዋሩን ነፈርቱን ኣቕኒዑ ከውሑን ገረቡን ክሳብ ዝባድም ይድብድቦ ነበረ። ዶሮና መዳፍዕ ምስ ዓረገ፡ ግን ርእሲ ተጋዳላይ ካብ መዛግብ ቦሎኽ ኢላ ምቝማት ትጅምር። ንኸበድቲ ኣጽዋር ዘመሓድሩ ኣዘዝቲ ሓይሊ ጸላኢ ከኣ ካብቲ ዝኸዕውዎ ሓዊ ትተርፍ ትንፋስ ኣይትህሉን'ያ ኢሎም ስለ ዝግምቱ ንኣዘዝቲ ኢጋር «እተው» ይብልዎም። ኣዘዝቲ ኢጋር «ኣይፋልናን....ናይ ማዕዶ ደብዳብ ደኣ ቀጽሉልና» ዝብል ምጭቕጫቕ ይስዕብ'ሞ ኣብ መወዳእታ እቶም ኣዛዝቲ ከብዲ ብረት «ኣይትፍርሑ ኣብኡ ሰብ ዝሰርሕ ኩባንያ (ኢንዱስትሪ) የለን። እቲ ዝነበረ ከኣ ተደምሲሱ ኢዩ» ስለ ዝብልዎም፡ በዚ ሓበሬታ እዚ እቲ ኣብ እዋን ኢድ-ብኢድ ተንሲኡ ዝጠማጠምን ጸላኢኡ ዘውድቕን ተጋዳላይ «ኩባንያ» ኢሉ ጸውዓ። ብዘይካ እዚ ታሪኽ እዚ እታ ድፋዕ ክልተ ሰባት ካብ ጋንታ ይድይብዋ እሞ ጋንታ ናይ ኢድ ቡምባታት እናኣቐበለቶም ክዋግኡ ይውዕሉ። ነቲ ከም ስራሕ ፋብሪካ (ኩባንያ) ገለኻ ጥረ ነገር እናቐበልካን ገለኻ እናኣህለኽካ ዝዕመም ዕማም እቶም ተጋደልቲ ኩባንያ ኢሎም ሰምዮማ'ውን ይበሃል እዩ።

## ትክስ

እዚ ስም እዚ ብተቐማጦ እቲ ከባቢ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ጀሚሩ ዝጽውዓሉ ዝነበረ ስም'ዩ። ኣብ'ቲ ንጐላጉል ናሮ ዘእቱ ኣጻምእ ቦታታት ከም ጉነት ምድረ-በዳ ክውሰድ ዘኽእሎ ናይ ማይ ጸጋ ዘለዎ ሩባ'ዩ። እዚ ብልጫ እዚ ጸላኢ ክጠማመቶን ምሉእ ኣድህብኡ ከንብረሉን ይድርኾ ነበረ። በዚ ከኣ ቀጻሊ ናይ ህልኽ ውግኣት ተኻይድዎ ኢዩ። ኣብ መንጎ ሳልፈርን ኩባንያን ምህላዉ በቲን ኣብኡ ዝዓረዳ ኣሃዱታት ክምኮሮር'ዩ ዝቼጸር። ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ካብኡ ዝመጹ ተጋደልቲ ክዳኖምን ነብሶምን ጽሩያት፡ ብዛዕባ ስዓታት ተንዲዝካ ዝመጽእ ማይ ዝህሉ ዕላል ክውስኹን ክጽንብርዎን ሰኺኺ ዝብሉ ኢዮም። ምኽንያቱ፡ ናይ ማይ ሕጽረትን ነዛ ጐሮሮኻ ክተተርክስ ናይ ዝህሉ ከቢድ ሃልኪ ንዕኦም (ኣብታ ቦታ ክሳብ ዘለው) ጽውጽዋይ ጥራይ'ዩ።

## ፋርኔሎ

እዚ ዕርዲ እዚ ኣብ መንጎ እምባ ደንደንን ናኹራን ዝርከብ ክብብ ኢሉ ትሕት ዝበለ ቦታ'ዩ። ፈርኔሎ ሓዊ ዝእጎደሉ ኣቕሓ ኮይኑ ግን ከኣ ዋላ'ኳ ግሃጽሃጽ ዝብል ሓዊ እንተሰኣነ ኣሰር ሓዊ ዘይፍለዮ ኢዩ። ዕርዲ ፋርኔሎ'ውን ጸላኢ መላእ ሻምብቆታት ብረቱን ነፈርቱን ዘቕንዓላ ቦታ ስለ ዝኾነ ንልዕሊ 10 ዓመታት ከም ፈርኔሎ ትክን ሓውን ኣይተፈልያን። በዚ ኩነት እዚ ይትረፍ'ዶ ህይወትን ሓንጎልን ዘለዎ ፍጡር ዋላ'ቲ ዝደቀቐ'ሞ ኣብ ሸውዓተ መንቃዕ ኣትዩ ኪጸንሕ ወይ ኪነብር ዝኽእል ለመምታ'ውን ንካልኢታት ጠጠው ክብል ኣይክእልን'ዩ። ተጋዳላይ ግን እቲ ሓደ እናወደቐ ዘይወደቐ እናተክአ ኣሕሊፉ ኣይሃቦን። ጸላኢ ወራር

መጸ ንፈርኔሎ ከም መስበሪ ናይ'ቲ ግንባር ገይሩ የተኩረሉ ነይሩ። ምኽንያቱ፡፡ ንዕኡ እንተተቖጻጺሩ ብዙሕ ላዕልን ታሕትን ከይበለ ናብ ምፆ ሒዙ ንከተማ ናቕፋ ኪኣቱን ኑቲ በረኽትን ጽኑዕን ዕርድታት ብሕቘኡ ኪጥወዮን የኽእሎ'ዩ። ስለዚ፡ ኑቲ ጽዕጹዕ ውግእ ይፍለዩ ከም ዘይነበረ ንምእማት'ዩም ተጋደልቲ ፎርኔሎ ኢሎሞ።

## ናኹራ

ናኹራ ካብተን ብዙሓት ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዘለዋ ደሴታት ሓንቲ'ኺ ትኹን እምበር ብስማስ ንኹለን ዓቢሊ ጸብለል ዝበለት'ያ። ከምኡ መኽንኢ ከኣ ምኽንያት ኣለዋ፡፡ ገዛእቲ ኢጣልያንውያን ናይ ሓርበኝነት መንፈስ ንዝነበሮም ተቓለስቲ ኤርትራውያን ስጕዒት ተቓውሞኦም ናብ መላእ ህዝቢ ከይልሕም ምእንቲ፡ ኣብቲ ብኹሉ ሸንኻታ ብዓሚቕ ማይ ባሕሪ ዝተሓጸረት ደሴት ናኹራ ወሲዶም ይሕይርዎም ነበሩ። እቲ ቤት–ማእሰርትን መቓብርን ናይ'ቶም ሓርበኛታት ክሳብ ሎሚ ህያው ኣሎ። ስለዚ፡ እዚ ስም'ዚ ካብ ደሴታት ቀይሕ ባሕሪ ናብ ግንባር ናቕፋ ዝተሰጋገረሉ ሓደ መተኣሳሰሪ ነጥቢ ክህሉ ግድን'ዩ።

ናኹራ ኑቲ ኣብ ሓሬናን ጓል ደንደንን ዝህሉ ሓይሊ ጸላኢ፡ ብዓቢኡ ኑቶም ኣብ እግሪ ሕልኽልኽ ዝብሉ ከኣ ብዝያዳ ኣዚያ ቀረባን ብመንበስበስትኡ ዝርእይዋን ስለ ዝኾነት ኣብኣ ዝዓርድ ሰራዊት ወገን፡ ኩሉ ምንቅስቓሱ ብጸላም ከደና ኪኸውን ይግደድ። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ብቐትሪ ንኽትሸይን'ውን ስለ ዘይትኽእል ኣብኣ ብጸላም ዝተሸጉጥካላ ዕርዲ ተሓይርካ ትውዕል። በዚ ከኣ ተጋደልቲ ናኹራ ዝብል ስም ኣልቢሶማ። ቅድሚ ምእታውካ ኩሉ ዘድልየካ እንተዘይኣማሊእካ፡ ክሸይን ክመጣላዕ ንፋስ ክወስድ ክትብል ኣይትኽእልን ኢኻ። ርእሲ ሰብን ጥይት ክሳብ ጽሓይ ዘላ ክተሓላለዋወየን ዝውዕላ ነይረን።

## ገለ ካብ ግንባር ናቕፋ (ብህዝቢ ዝጽውዑሉ ስም)

ግንባር ናቕፋ ኣብ የማናይን ጸጋማይን ክንፍታቱን ማእከላይ ግንባርን ልዕሊ 35 ፍሉጣት እምባታት ኮረቢትን ለጥላጥ ቦታታትን ከም ናይ ኵናት ዕርዲ ኮይኖም ንነዊሕ እዋን ኣገልጊሎም ኢዮም። ካብዚ'ኣቶም ኣስታት ሓምሳ ካብ ሚእቲ በቲ እቶም ተቐማጦ ናይ'ቲ ከባቢ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ከም መፍለይ ክጥቀሙሉ ዝጸንሑ ኣስማትዮም ዝፍለጡ። እዚ ጾሑፍ እዚ ግን ንማእከላይን የማናይን ክንፍታት ጥራይ'ዩ ዝድህስስ። ካብ'ቶም ኣብዚ መስመር እዚ ዘለዉ ገለ 20 ድፍዓት ጥራይ ከኣ ደንደን፡ ቤት ሕመድ፡ ስዋራ፡ ኣምባ፡ ሓሬና፡ ጸባይት፡ ኢትትሓልበብ፡ ኩቡብ ብዕራይን ገርዓ ፋሩስን ናይ ቀደም መጸዊዕዮም ኢዩ። እዚ ብህዝቢ ዝጽውዑሉ ኣስማቶምን ትርጉሙን ከኣ እንሆ



## ምፆ

ምፆ ንከተማ ናቕፋ ካብ ሰሜን ንደቡብ ኣብ ክልተ ተርቲርዋ ዝሓልፍን ምስ ወቕቲ'ኺ ዝበዝሕን ዝውሕድን እንተ'ኾነ ቀጻሊ ማይ ዝዛረ ሩባ'ዩ። ዝነውሐ ክፋል ናይ'ዚ ሩባ'ዚ ከኣ ኣብ ድሕሪ ድፋዓት ናይ ሰራዊት ሓርነት ስለ ዝነበረ ህይወት ናይቲ ግንባር'ዩ ነይሩ ምባሉ ይከኣል። ሩባ ምፆ በከባቢ ፈርኔሎ ኣቢሉ ክእለ ምስ ጀመረ ኣብ ተወራረሲ ናይ ኩናት ስፍራ (ጸላኢ ይኹን ወገን ምሉእ ብሙሉእ ዘይቆጻጸሮ) ሓሊፉ ኣብ ኣምባ ዝተባህለ ቦታ ምስ ሩባ ሕዳይ'ዩ ዝሕወስ። ትርጉም ናይ'ዚ ምፆ ዝብል ስም ዝበዝሑ ተቐማጦ ናቕፋ ከም ስም ሓደ ሩባ ኢና ንፈልጦ እምበር ፍሉይ ትርጉሙ ኣይንፈልጦን ይብሉ።

## ክርባ ቀረጥ

እዚ ቦታ'ዚ ካብ እምባ ደንደን ንየማን ይርከብ። ኣብቲ እምባ'ቲ ብዘይካ እዚ ቀረጥ (ብቛንቋ ትግረ) ዝበሃል ገረብ ካልእ ዓይነት ገረብ ጥዒምዎ ኣይጥጥዕን'ዩ። ስለዚ በዚ ባህሪኡ'ዩ «ክርባ ቀረጥ» ወይ «ኩርባ ቀረጽ» ዝተባህለ።

## ዕጢት ምህረት

እዚ ኣሰያይማ እዚ ክልተ ትርጉም ሒዙ'ዩ ዝመጽእ። ቀዳማይ «ጢተ» ዝበሃል ዓይነት ገረብ ብብዝሒ ስለ ዘለዎ ኽኸውን ከሎ፡ ካልኣይ ምኽንያት ከኣ ምህረት ዝተባህለት ላም ዝሞተትሉ ቦታ'ዩ ዘስምዕ። ናይቲ ከባቢ ዓበይቲ ዓዲ ፈልዮም ክነጽርዎ ኣይከኣሉን።

## ስዋራ

ስዋራ ቃል ብቓሉ ብቛንቋ ትግረ ኪትርጎም ከሎ ደምበ ወይ መሓድሮ ማለት'ዩ። ክብቲ ከኣ ኣብ ዝወዓላ ዊዒለን ክሓድራሉ ምቹእ ቦታ'ዩ። ስለዚ፡ ብዙሓት ጓሶት ከብቶም ኣብኡ ክሕድርወን ይመርጹ'ዮም። ስዋራ ግን ካልእ ተፈጥሮኣዊ ባህርይ'ውን ኣለዋ። ንሱ ከኣ ገለ ክፋል ናይቲ እምባ ብጤረር ዝተሓጽረ ስለ ዝኾነ ሰብ ይኹን እንስሳ ሰጊሩዎ ንኽሓልፍ የጸግም'ዩ። እዚ ቅርጺ'ዚ ከኣ ኣሓኽ ሳዕሪ እናመንጨታ ንኽይጠፍኣ ዝሕግዝ ባህርያዊ ሓጹር ይቜጸር።

## ዓቢልባ

እዚ ብማዕዶ ክርእ እንከሎ ኣፍ ልቡ ነፊሑ ዝርእ እምባ'ዩ። ኣብዚ ክብደቱ ንድሕሪት ዝዘጠጠ ዝመስል እምባ ጥጥሕ ዝበለ ንሕርሻ ምቹእ ቦታታት ይርከቦ። ብተቐማጦ ናይቲ ከባቢ ከኣ ካብቶም ኣብ ዙርያኡ ዘለዉ ገያጻት ጉቦታት ዝሓሸ ልቦና ስለ ዘለዎ'ዩ ኣፍ–ልቡ ንሕርሻ ከም ዝምችእ ገይሩ ሰጢሑልና ዝብል ኣኽብሮት ኣለዎ።

## ከቢብ ብዕራይ

ብቋንቋ ትግረ «ከቢብ ብዕራይ» ማለት መንጉዳ ብዕራይ ማለት'ዩ። እቲ ቦታ ከኣ ንቅርጺ መንጉዳ ብዕራይ'ዩ ዘዘኻኽር። ዝበዝሑ ተጋደልቲ ግን ክንዲ ከቢብ «ከቡብ ብዕራይ» ክብልዎ ይሰልጦም።

## ደልቃ

ሪኢ'ኻዮን ሰሚዕካዮን ዘይትፈልጥ ሓድሽ ነገር ዝረኸብካሉ ቦታ ኪኸውን ከሎ ብቋንቋ ትግረ ደልቃ ኢዩ ዝበሃል። ኣብዛ'ቦታ እዚኣ ግን እንታይ ሓድሽ ነገር ብመን መዓስ ዝብሉ ሕቶታት መልሲ ኣይትረኽበሎምን ኢ'ኻ። ቦታ ርኽበት? ቦታ ሽፋይ? ቦታ ለምዲ ድዩ?..... መረጋገጺ ኣይተረኽቦን።

## ሽገ

«ሽገ» ክም ቃል ብቋንቋ ተቐማጦ እቲ ከባቢ «ነዊሕ» ማለት'ዩ። ታባ ሽገ ግን ኣብ ርእሲ እቲ ንውሓቱ ኣዚዩ ኣድካሚ፡ ሓይል'ኳ ክሳብ ዝረዝዝ ዘኽይድ ጥውይዋይን ተሰፋ ዘጸንቅቕ ኣቃውማን ኣለዎ። ስለዚ፡ ንግርምኡን ኣቃውምኡን ዝእምት ስም'ዩ።

## ጣባይት

ኣብ ግንባር ናቕፋ በዚ ስም እዚ ዝጠቓለላ በላሕትን ዝተጐዛጐዛን ታባታት ኣለዋ። «ጣባይት» ብቋንቋ ትግረ «ጠባዊት» ማለት'ዩ። ጣባይት ብኣስታት 1700 ነቑጣ ብራኸ ይፍለጣ። ካብ ዘለወን ብራኸ ዝንቅል ከኣ ዋላ ኣብ ዝበዝሕ ክፍሊ ሰማያት፡ ደበና ዝበሃል ከይሃለወ ጣባይት ግን ኣብ መንበስበስትኣን ደበና ትርእየለን። በዚ ድማ ዝናብ ወይ ካፋ ኣይፍለዮን'ዩ። ስለዚ ጣባይት ደበና ጠብያ ከይጸገቡ ናብ ካልእ ኣይከይድን'ዩ ዝብል ትዕዝብቲ ሓደረ'ሞ ስማ ኮይኑ ቀጸለ - ጣባይት።

## ብርጆ

ኣብ ልምድታት ብሄረ ትግረ ብርጆ ዝበሃል ዓይነት ባዕስዒት ኣሎ። ደቀ'ቲ ከባቢ ብሕልፊ'ኳ መናእሰይ ብርጆ ንክጻወቱ ዝመርጽዎ ቦታ ከኣ እዛ ሕጂ ብርጆ ክም መጸዊዒኣ ኮይኑ ተረፉ ዘሎ ቦታ'ያ። እቲ ምኽንያት፡ ተቐማጦ ናይ ብዙሓት ዓድታት ብቐሊሉ ክራኸብሉ ዝኽእሉ ሓቜፊ ቦታ ክኸውን ስለ ዝኽእል'ዩ።

## ሓሸፈት

ናይ ሓደ ዓይነት ገረብ ስም'ዩ።



## ላባ

ላባ፡ ገለት'ውን ተባሂላ ትፍለጥ'ያ። ኣብኣ ዝኾነ ዓይነት ገረብ የልቦን። ስለዚ ቀላጥ ብምኳና ኣቡዑር ክተጽርየሉ ዘኽእለካ ጐልጐል ኣለዋ። ገለት እዚ ካልኣይ ስማ ምስቲ ዝብኢ ኣዘንጊዑን ድምጹ ሓቢኡ ጤለ-በጊዕ ዝምንጥለሉ ድብያታት ንምግባር ምችእቲ'ያ ዝብል ኣበሃህላ ቀጥታዊ ምትእስሳር ከይሃልዋ ኣይተርፍን'ዩ ዝብሉ ብዙሓት'ዮም።

## ግንባር ናቕፋ

## ብኣጋጣሚ ፈስቲቫል ኤርትራ '92 ዝተዳለወ
## መሓበሪ ንበጻሕቲ

ነሓሰ 1992

# ካልኣይ ክፋል

# መቕድም

ዓቢ ክፋል ታሪኽ ገድሊ ኤርትራ ኣብ ጎቦታት ሳሕል ተሰሪሑ። ካብኡ ናብኡ ከኣ ኣብ ናቕፋ። ካብ ጽፍሒ ባሕሪ 1750 ሜትሮ ብራኸ እትርከብ ናቕፋ ርእሲ ከተማ ኣውራጃ ሳሕልን መዲና ሰውራ ኤርትራን ኢያ። ብእምባታት ደንደንን ቅርንጅሓትን ከምኡ'ውን ሰንሰለታውያን ታባታት እምባልቆ ጣብራ ኣፖሎን ጠባይትን ተማእኪላ ሩባ ምዖ ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ኣብ ክልተ ይመቕላ።

ኣብቲ ትሽዓተ መረርቲ ናይ ምርብራብ ዓመታት (1979-88) ካብ ቃሩራ ብናቕፋ ገይሩ ስንሒት ዝሰግር ባይታ ቀንዲ መከላኸሊ ስትራተጂና'ዩ ነይሩ። ኣብዚ ነዊሕ ዕርድታት ከኣ ናቕፋ ፍሉይ ቦታ ኣለዋ። ጸላኢ ናቕፉን ከባቢኡን ዘሎ በረኽቲ ቦታታት እንተዝሕዝ ነይሩ የማን ጸጋሙ ዘሎ ሰንሰለታዊ መከላኸሊ ዕርድታት ኣይህሉን ጥራይ ዘይኮነ ኑቲ ብድሕሪኡ ኣብ ኤርትራ ክስዕብ ዝኽእል መልክዕ ውግእ ዝተሓላለኸን ክትንበ ዘጸግም ምገበሮ። ናቕፉን ጀጋኑኣን ግን እዚ ክኸውን ኣይፈቐዱን። ስታሊንግራድ ንሂትለርን ጀነራላቱን ክትዝክራ ባህ ዘይተብል ቃል ነይራ ናቕፋ ከኣ ንመንግስቱን ኣዘዝቲ ሰራዊቱን።

እዛ መሓበሪት ጽሕፍቲ ብምኽንያት ፌስቲቫል ኤርትራ 1992 ኣንጻር ጊዜ ብምትያይ ዝተዳለወት ኢያ። ግንባር ናቕፋ ክምልከቱ ንዝንዓዙ በጻሕቲ ገለ ሓበሬታ ኣስኒቓ ንዝያዳ ፍልጠት ናይ ታሪኽና እትዕድም ደኣ'ምበር ብኽፌል'ውን ይኹን እቲ ናይ ኲናት ትያትር *(theater of war)* ተቐሪቡ ኣይኮነትን። ኣይትድፈርን ከኣ ከመይሲ እዚ ስራሕ'ዚ ንመዘግብቲ ታሪኽ ዝጽበ ዘሎ ደርማስን ህጹጽን ዕማም ኢዩ።

ኣዳለውቲ:
በየነ ሃይለማርያም
ኣርኣያ ይሕደጎ
ዓብደልሓኪም ማሕሙድ ኣልሼኽ

1992 - ቀዳማይ ሕታም
2002 - ካልኣይ ሕታም




# መእተዊ ንቅድሚ ምምስራት ግንባር ናቕፋ

ኣብ ምብራቕ ኢትዮጵያ ዝረኸቦ ዓወት ኣብ ኤርትራ ንምድጋም ደርግ ኑቲ ብ1977-78 ሙሉእ ገጠራትን መብዛሕትኡ ከተማታትን ኤርትራ ሓራ ኣውጺኡ ኣብ ልዳት ናይ ዓወት በጺሑ ዝነበረ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ሓጺር እዋን ንምድምሳስ ካብቲ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበረ ሰራዊቱ (2ይ መውጽኢ ሓራ ሰራዊት) ዝዚፍ ሰራዊት ሃኒጹ። ብጠቕላላ 120,000 ወተሃደራት ኣብ ኤርትራ ኣሰሊፉ።

ንስትራተጂካዊ ምዝላቕ ዝገደደ ቀንዲ ባእታ ምትእትታው ሕብረት ሶቬት ኮይኑ ጸላኢ በዚ ዝስዕብ ሓድሽ መልክዕ ኢዩ ተወዳዲቡ። እዚ «ብግብረ ሃይል» ዝቖመ ዓቕሚ ጸላኢ ኣንፈት መጥቃዕቱን ኢቃውምኡን ድማ እነሆ።

1. 501 ግብረሃይል ካብ ጐንደር ብሕሞራ ጌይሩ ናብ ኣምሓጀር ተሰኒዩን ዝተንዕዘ።
502 ግብረሃይል ካብ ሽረ ተበጊሱ ብዓዲ ዓዕሮ ኣቢሉ ናብ ሻምብቆን ባረንቱን ዝኣንፈተ።
503 ሀ ግብረሃይል ብግርሁ ስርናይ ኣቢሉ ናብ ደቀምሓረ ዝኣተወ።
503 ለ ግብረሃይል ብመረብ ኣቢሉ ናብ ዓዲ ኺላ ዝኣተወ።
503 መ ግብረሃይል ኣብ ዓዲ-ቐይሕ ተኸቢቡ ዝከላኸል ዝነበረ ሰራዊት ዘቖሞ።
505 ግብረሃይል ኣብ ባጽዕ ተኸቢቡ ዝከላኸል ዝነበረ ሰራዊት ዘቖሞ።
506 ግብረሃይል ኣብ ኣስመራ ተኸቢቡ ዝከላኸል ዝነበረ ሰራዊት ዘቖሞ።
509 ግብረሃይል ኣብ ባረንቱ ኮይኑ ዝከላኸል ዝነበረ ሰራዊት ዘቖሞ።



ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ተጋዳላይ ብርትኢ ኣእምሮ ዝተቐበሎ ተርእዮ

ጸላኢ ዘመናዊ ኣጽዋር ማለት ሚግ ዝዓይነቶም ነፈርቲ፣ ቢ ኤም መዳፍዓትን ካልእ ዝተራቐቐ መሳርሒታትን ዓጢቑ ነይሩ። ብሚላ ውግእን ቴክኒክን ዝተሓጋገዝዎ ሶቭየታውያን ኣማኸርቲ ኣሰሊፉ ድማ ምንቅስቓሱ ጀሚሩ።

## ቀዳማይ ወራር ሓምለ-ነሓሰ 1978

ኣብ ኤርትራ ቅልጡፍን ሃንደበታውን ለውጢ ተፈጢሩ። ጸላኢ ብግርህ ስርናይ መረብ ባድመ ሕምብርቲ ኣምሓጀርን ባጽዕን ኣጥቂዑ። ህ.ስ.ሓ.ኤ ካብ ደቡባዊ ግንባር ኣዝሊቑ ንባጽዕ ሓዲጉ ድማ ኣብ ዶጋሊ ዓሪዱ።

ክሳራ ጸላኢ፡- 3700 ምውታት 5100 ቁሱላት 13 ምሩኻት።
5 ታንክታት ተሰሊበን። 48 ታንክታትን 18 መካይንን ተሓምሺሸን።

## ካልኣይ ወራር ሕዳር 1978

ሃንደበታውነትን *(surprise)* ምድንጋርን ዝመልአ ኮይኑ ኣብ ብዙሕ መኣዝናት ተኸፊቲ ከፊትካ ብሓደ ምጥሓስ ዝሓለነ ናይ ጸላኢ መጥቃዕቲ



ተጋደልቲ ኣብ ንጡፍ ናይ ውግእ እዋን

ካብ ኣስመራ ብሰሜን ምብራቕን ምዕራብን ከምኡውን ብባጽዕን ምዕራብን (ባርካ) ተበጊሱ። ደጀን ንምቁጽጻር ብሽዕብን ጉልቡብን ስለዝተንቀሳቐሰ ብዓወት ህ.ሰ ክውዳእ ቀሪቡ ዝነበረ ውግኣት ዲላበርዕድን ምዕራብን ምልውዋጥ ኣስዒቡ። ህ.ስ.ሓ.ኤ ብዝተጸንዐን ጽፉፍን ኣገባብ ካብ ሰሜናውን ምዕራባውን ግንባር ኣዝሊቑ ኣብ ገንፈሎምን ማዕሚደን ዓሪዱ።

ክሳራ ጸላኢ፡- 3100 ምውታት 3600 ቁሱላት 200 ምሩኻት።
20 ታንክታት 4 መካይንን ተሰሊበን። 61 ታንክታት ተሓምሺሸን።



## ሳልሳይ ወራር ጥሪ-ለካቲት 1979

ናይ ግንባር ገንፈሎም ዘይምቹእነት ድሕሪ ምግምጋም ሓይልታትና ብ9-1-79 ኣዝሊቖን፡ ብግዝያውነት ኣብ ከባቢ ግዝግዛ ኣትኪለን። 28-1-79 ጸላኢ ካብ ጉልቡብ ተበጊሱ ናብ ውሽጢ ኣልጌን ስለዝበጽሐ ግንባር ግዝግዛ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነቱ ኣብቂዑ። ጸላኢ ብናሮ ኣቢሉ ንናቅፋ ብቐሊሉ ክኣቱ ይኽእል ኢዩ ተባሂሉ ስለ ዝተገመተ ናብ ሕዳይ ንመንባብሮ ዘይምቹእ ፉሕ ዝበለ ጎቦታት ዝሓቁፍ ሓይልታት ንምውህሃድ ዘይጥዑምን ጸላኢ ከኣ ብጻዕቂ ከቢድ ብረት ክጥሕሶ ስለ ዘኽእል ኣብቲ ነዊሕን ክንከላኸለሉ ንኽእል ተባሂሉ ዝተኣመነሉ መንጎ ሕዳይን ናቕፋን ዘሎ ቦታታት ምዕራድ ተመሪጹ። ስለዚ ድማ ሓይልታት ህ.ሰ ካብ 5/2/97 ካብ ዝርዓፍሩስ ጀሚሩ ጽርግያ ሰንጢቑ ንየማን ዘሎ በረኸቲ ጎቦታትን ናብ ምዖ ቆሪጹ ጎቦ ደንደን ሒዙ ክሳብ ናብ እንኛሓይ ዝርከብ ቦታታት ኣሲሩ። ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ከባቢ ደንደን ኣብ ሓደ መዓልትን ለይትን ክሳዕ 15 ጊዜ ተደጋጋሚ ህጁማት ዝተፈጸመሉ ደማዊ ውግኣት ተኻይዱ።



ኣብ ዘየላቡ ናይ ውግእ እዋን ተጋዳላይ ባዕሉ ንባዕሉ ክሕክም

ክሳራ ጸላኢ፡- 900 ምውታት 1800 ቁሱላት 115 ምሩኻት።
10 ታንክታት 12 መካይን 2417 ማእከላይን ፈኮስትን ብረት ተሰሊቡ። 18 ታንክታት ተሓምሺሸን።

## 4ይ ወራር 30 መጋቢት -11 ሚያዝያ 1979

ድሕሪ ኣብ ተኸታተልቲ ወራራት ዝወረዶ ክቢድ ክሳራ ጸላኢ ሓይሊ ሰብን ኣጽዋርን ኣኻኺቡ ብጽዑቕ ናይ ኣየርን መሬትን ደብዳብ ተሰንዩ ግንባር ኣፍረሱ ናቕፋ ንምእታው ሃቒኑ። ይኹን እምበር ድሕሪ ምምስራት ናይ'ዚ ግንባር ውግኣት ኣብ ጎቦታት ጥራይ ስለ ዝተወሰነ ጸላኢ ሓደ ዓቢ ጸብለልታ ኣጥፊኡ። ንምኹላም (outflank) ዘኽእል ጎላጉል ኣይተረኽበን ናይ ኣጽዋር ጸብለልትኡ፣ ከአ ብምሉእ ሓይሉ ክጥቀመሉ ኣይከኣለን። ኣብ ከባቢ ፈርኔሎን ደንደንን ህልኽ ዝመልኦን ፈታንን ናይ ጥሕሳ ፈተነታት ድሕሪ ምግባር እቲ ወራር ኣብ ሓጺር ግዜ መኺኑ።

ክሳራ ጸላኢ፡- 1400 ምውታት 3600 ቁሱላት
1,205 ማእከላይን ፈኩስን ብረት ተሰሊቡ። 10 ታንክታት
3 ድሩዓት መካይን 78 መካይን ዓንየን።



ዕርድታት ፎርኔሎን ከባቢኡን

## ግንባር ናቕፋ ቀዋሚ ዕርዲ ሰራዊት ኮይኑ

ድሕሪ ተኸታተልቲ ወራራት ዝተበጽሐት ናቕፋ ኣብ ለካቲት 1979 ናይ መወዳእታ መከላኸሊ መስመር ህ/ግ ክትክውን ዝተመርጸትሉ ምኽንያታት

- ምስ የማነ ጸጋም ዝዝርጋሕ ቅርጺ መሬት ተኣሳሲሩ ብሰሜን ክሳብ ቃሩራ ብደቡብ ክሳብ ሮራታት ግንባር ሓልሓልን ሰንሰለታውን ሬዘርቭ



(መሐለውታ) ክኸውን ዝኽእሉ ቅያር ዕርድታትን ዝርከቦ ምቹእ ባይታ ውግእ ስለ ዝኾነ።

- ስልታዊ ምዝላቕ ብወገን ጸላእን ዓለምን ከም ፍጹም ስዕረት ስለ ዝተገመተ ናቕፋ ትእምርቲ ጽንዓትን ቀጻልነትን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኮይና ነዚ እምንትነዚ ንምቕያር።
- ድሕሪ ነዊሕ ምርብራብ ንጸላኢ ኣዳኺምካ ናብ ምጥቃዕ ንምስግጋር።

## ናይ ጸላኢ ሜላታት መጥቃዕትን ኣተገባብራን

1. ግንባራዊ ወይ ፊት ንፊት መጥቃዕቲ (Frontal attack)
2. ናይ ኲሊት መጥቃዕቲ (Flank attack)
3. ናይ ከበባ መጥቃዕቲ(Envelopment)
   - ንጽል ከበባ (Single Envelopment)
   - ድርብ ከበባ (Double Envelopment)
4. ሕውስዋስ ናይ ቁጽርታት 1,2,3, ብኹሉ ወይ ብኽልተ ካብ ሰለስቲኡ።

- ጸላኢ ክሳብ ግ/ናቕፋ ንበጽሕ ዝነበሮ ሜላታት ዝተራብሐ ናይ ወፍሪ መእዝናት ተጠቒሙ ብመልክዕ ሰፊሕ ከበባዩ ተንዓዙ። ኣብቲ ቀዋሚ



ሓንቲ ካብ ድፋዓት ተጋደልቲ (ንልደንደን)

ዕርድታት ኣልጌን ናቕፋ ሓልሓል ግን ኣብ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ኣብ ዘለዉ ግንባራት ቀኒዑን ኣብ መንጎ ግንባራት ንዝህሉ ክፋት ቦታታት መዝሚዙን ዝተፈላለየ ሜላታት ተጠቒሙ።


- ናይ ፊት ንፊት መጥቃዕቲ ፈቲኑ ምስ ፈሸለ ኣብ ዝቅጽል ገጽ

መጥቃዕቲ ብምምጣጥ ኣተሓሕዛና ምልሕላሕ ቀጺሉ ከአ ናይ ኩሊትን ብድሕሪ ግንባር ከጥወ ዝፍትን ሚላታትን ደጋፊሙን ቀያይሩን ተጠቂሞሉም።

## ካብ ምምስራት ዕርዲ ናቕፋ ክሳብ ድሮ 6ይ ወራር

## ሓሙሻይ ወራር 14-26 ሓምለ 1979

- ናቕፋ ንምሓዝ ግ ሃ 503-508 ኣሰሊፉ።
  ሚላታቱ ብወገን ጽርግያ ናቕፋን ደንደንን ናይ ፊት ንፊት መጥቃዕቲ ጊርካ ምጥሓስ። ብየማናይ ክንፊ ማለት ብኣርሃጸት ናይ ኩሊት መጥቃዕቲ ብጸጋማይ ክንፊ ብዓግትን ሕዳቑን ኣርሒቑ ዝተፈንተተ ንጽል ከበበ። እቲ ናይ ሕዳቕ መጥቃዕቲ ንኣግራብ ወረዱ ንናቕፋ ናይ ዕደላ መስመራት በቲኹ ብድሕሪኣ ክኣትዋ ዝዓለመ ናይ 503 ግ ሃ ምንቅስቓስ ነይሩ። ኣብ ኣፍጨዋ ኢርፖርት ሰራሑ ምሉእ ክፍለ ሰራዊት ኣውሪዱ ሓደ ዘይተሓስበ ሓደገኛ ኩነታት ንምፍጣር ዝሃንደሰ ውጥን ኣይሰለጦን። እቲ ናይ ሕዳቕ ንጹል ሰራዊት ምስ ተደምሰሰ ከአ እቲ ወራር ኣኸቲሙ።
- ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል (ኣልጌን) 505 ግ ሃ ነቲ ናይ ናቕፋ ዝደጋገፍ መጥቃዕቲ የካይድ ነይሩ።



ጉዕዞ ናብ ውግእ–ጉዕዞ ናብ ዓወት




ክሳራ ጸላኢ፡- 4200 ምውታት 7700 ቁሱላት 720 ምሩኻት።
3 ታንክታት 2528 ማእከላይን ፈኲስን ብረት ተሰሊቡ።
4 ታንክታት 5 ድሩዓት 13 መካይን ዓንዮን።

## ሻዱማይ ጸረ መጥቃዕቲ ናቕፋ (ተበግሶ ህ.ሰ)
## 2-16 ታሕሳስ 1979

- ጸላኢ ናይ ተኸታተልቲ ወራራት ቁስሉ ከየሕወየ ህ.ሰ. ኩሉ እቲ ቅድም ጸላኢ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ሚላታት ተጠቂሙ ማለት ብመልክዕ ጥሕሳ (Break throug... [illegible] ብርዩ ናይ ኩሊት መጥቃዕቲ ፈጺሙ ንኢትሓልበብ ተጠውዩ ከአ ድሕሪ ግንባር [illegible] ዝተወሃሃደ መጥቃዕቲ ፈንዩ። ድሕሪ ምዝላቕ ብዓይነቱ ናይ መጀመርያ ዝኾነ መጥቃዕቲ ህ.ሰዋ ንጸላኢ ዝነውሐ ሰፊሕ መሬት ኣሳጊጉ ካብ ኣፍደገ ናቕፋ ክሳብ ዓሽሩም ክሳድ ኣፍዓበት ኣብጺሑዎ። ሓደ ሓቂ ተረጋጊጹ ህ.ሰ ናብ ምጥቃዕ ክሰጋገር ከምዝኽእል፡ በዚ ከአ ሓደ ናብ ናይ ጃላነት መድረኽ ዘእቱ ሓድሽ ኣንፈት ተኸፊቱ።

ክሳራ ጸላኢ፡- 17 ታንክታት 7 ድሩዓት 97 ወትሃደራዊ መካይን ተማሪኹን።
80 በብዓይነቱ መዳፍዕ ሃውናትን ጸረ ነፈርትን 3600 ፈኲስን ማእከላይን ብረት ተሰሊቡ።
15 ታንክታትን ድሩዓትን መካይንን 100 መካይንን ዓንዮን።



- ድሕሪ ፍሽለት ሓሙሻይ ወራርን ተበግሶን ህ.ሰን ናይ ኤርትራ ውግእ ንደርግ ሰፍ ዘይብል ጸር እናኾነ ስለ ዝመጸ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምምዃራት ብዘይ ሓገዝ ናይ ነፈርትን ታንክታትን ክዋጋእ ዘኽእል ሃሩርን

ዕርድታት ምስራሕ ሓያልን ፈታንን ዕዮ

ኣጸምእን ዝጸወር ናይ ኅቦ ሰራዊት *(Ranger Force)* ይዕልም። ሻድሻይ ወራር ካብ'ቶም ብጾቱ ወራራት 2 ዓመት ድሒሩ ኢዩ መጺኡ ድሕሪ ነዊሕ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ምቅርራብ።

## ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ፡ ሻድሻይ ወራር
## ክፍላ ለካቲት - ሰነ 1982

ጸላኢ ናይ ግብረ ሃይላት ኣቃውማ ኣፍሪሱ ብእዝን ክ/ጦራት ተወዲቡ። ኣብዚ ኣርባዕተ ብናይ ኅቦታት ውግእ ዝሰልጠኑ ተራራ ክ/ጦራት ማለት 18 ,19, 21, 22 ናብቲ ወፍሪ ጸምቢሩ (እቶም ኣብ ታሪኽ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝለዓለ ታዕሊም ዝጸገቡ ክ/ጦራት) ብጽምብል ፌስቲቫል ቀይሕ ኮኾብ (ባጽዕ) እቲ ወፍሪ ብወግዓውን እውጁን መንገዲ ብ 15/ 2/82 ተጀሚሩ።

### ኣሰላልፋ ኣንፈት መጥቃዕትን ኣተገባብራ ናይቲ ወፍሪን

### *1. ውቃው እዝ ግ.ሰ. ምብራቕ ሳሕል*

- 15 ክ/ጦር ብወገን ደምበቤት መሬት ሱዳን ተንኪፉ ደጀን ህ.ግ. ምስ ሱዳንን ዘራኽብ መስመር ክቖርጽ።
- 23 ክ/ጦር ብወገን ጥሩቕሩቕ ምስ 15 ክ/ጦር ክደጋገፍ
- 19 ክ/ጦር ብፊትንፊት መጥቃዕቲ ቀብረውኣት ክጥሕስ።

### *2. ናደው እዝ ግ. ናቕፋ*

- 3ክ/ጦር ብወገን ኣግራዕ ተጠውዩ ንናቕፋ ካብ ደጀን ክንጽልን ናብ ናቕፋ ብድሕሪት ክኣቱን
- 17 ክ/ጦር ብወገን ትክስ ኣርወ ኑ.ብ (ነጥቢ ብራኽ) 1702 (ሳልፈር) ሒዙ ናቕፋ ክኣቱ።
- 22 ክ/ጦር ብጽርግያ ናቕፋ ቀኒዑ ናይ ምኹብኳብ መጥቃዕቲ ክፍጽም።
- 18 ክ/ጦር መጥቃዕቲ ምስ ተጀመረ ናብቲ ግንባር ክድረብ።

### *3. መብረቕ እዝ ግንባር ባርካ*

- 24 ክ/ጦር ብወገን ሰልዓ ካብ ሱዳን ናብ ደጀን ዝኣቱ ናይ ዕደላ መስመር በቲኹ ውሽጢ ደጀን ሓሰታ ክኣቱ።
- 21 ክ/ጦር ኩርን ዓዳይትን ሒዙ ዛራ ክኣቱ።
- 2 ክ/ጦር ብወገን ሓልሓል ኣስማዋ ሒዙ ዛራ ክኣቱ።
- በዚ መልክዕ'ዚ ኩሎም እዝታትን ክፍለ-ጦራትን ተልእኾኦም



ፈጺሞም ኣብ ኣዶብሓ ማእከል ደጀን ክራኸቡን ክበባ ክዛዝሙን ኢዩ ዕላማ'ቲ ወፍሪ።
- ካብ 2-6-82 ኣብ ዝተኻየዳ ወራር ሓያለይ መልክዓት'ቲ ወፍሪ ተቐያይሩ።
- መብረቕ እዝ ኣብ ፈለማ ምንቅስቓሳቱ ተደምሲሱ። ተረፍ መረፍ ክፍለ-ጦራት 21-24 ክምኡ'ውን 2ይ ክፍለጦር ናብ ናቕፋ ክምዝድረቡ ተጌሩ።
- ውቃው እዝ ደምበቤት ሒዙ ተሰፉ ዝህቦ ምንቅስቓሳት'ኳ እንተካየደ ተጸፊዑ ተመሊሱ።
- ድሕሪ'ዞም ክልተ ዓበይቲ ፍጻሜታት'ዩ ጸላኢ ኣተኩርኡ ኣብ ግንባር ናቕፋን ኣብ መንጎ ግንባራት ናቕፋን ሰ/ም/ሳሕልን ኣብ ዘሎ ባይታ ክቕንዮ ዝኽኣለ።
- ናቕፋ ኣተኩሮ ናይቲ ወራር ኮይና። ኣብ ርእሲ ዝጸንሑ ክፍለጦራት 3, 17, 22 ድማ ክፍለጦራት 18,2,24,21 ተደሪቦም ብልዕሊ ሽውዓተ ክፍለጦራት ተደጋጊምን ደማውን ውግእ ኣካይዶ። ኣብ'ዚ እተን ቀንዲ ናቕፋ ክድይበለን ዝፍትን ዝነበረ ቦታታት እዘን ዝስዕባ እየን፡-

* ካብ መንድዓት ኑ.ብ 2059 ክሳብ ኣርወ ኑ.ብ 1702 (ሳልፈር ታባ ውፉያት) ክምኡ'ውን እንዳስጋ ዘሎ ቦታታት። ብኑ.ብ 1702 ጥሒሱ ኣብ በረኽቲ ቦታታት ከባቢ ናቕፋ ብራኽታት 1725 1755 ዝሓኹረሉ ኢጋማሚ ነይሩ (ኣብዚ'ዩ ናቕፋ ትታየኛለች ዝተባህለ) ኣብኡ ዝጸንሑ ውሑዳት መጋቦ ብውፉይን መስተንክራዊ ጅግንነትን ንጸላኢ ዓጊቶሞ። ጸኒሑ ከኣ ናብ ኅላጉል ጸዲፉ።
* ብወገን ጽርግያ ናቕፋ ክምኡ'ውን ደንደን ኑ.ብ 1969 ግሎብ ኑ.ብ 1742 ምስቲ ናብ በዓል ኣርወ ተኣሳሲሩ ግንባራዊ መጥቃዕቲ ጌሩ።
* እቲ ዚያዳ ተኣፋፊ ምንቅስቓስ ግን ናይ 3ይ ክፍለጦር ኢዩ። ብወገን ደብረ-ጥሉል ኣብ ኣግራዕ ወሪዱ መስመር ክበትኽ ዘካየዶ ምንቅስቓስ ስለ ዘይሰለጠን እቲ ናይ ፊት ንፊት መጥቃዕት'ውን ስለ ዘይተዓወተሉ ጸላኢ ኣብ መንጎ ግንባራት ናቕፋን ኣልጌንን ብዘሎ ክፉት ቦታ ማለት ከባቢ ፉሕ ኣርዐ ግራት ክሰሉኽ ኣህላኺ ምንቅስቓስ ኣካይዱ ድሕሪ ጨካንን መሪርን ውግኣት ፈሺሉ።
* ኣብቲ ጸላኢ ናብ ናቕፋ ክኣቱ ዘካይዶ ዝነበረ ፈተነታት ንሰራዊቱ ሞራል ንምሃብን ንህ.ሰ.ንምድንጋርን ኣብ ድሕሪ ግንባርና ኣየር ወለድ ዘውርድ ዘሎ መሲሉ ሑጻታት ዝመልአ ክሻታት ብፓራሹት ደርብዩ። እቲ ስልቲ ክየገልገለ ተረፉ።

ቅመማዊ ጋዝ ንምድርባይ ዘካየዶ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት'ውን ኣይተዓወተን።

* ጸላኢ 90 000 ሰብ ዘሰለፈሉ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ተሳዒሩ ኣብ ታሪኽ ኲናት ኢትዮጵያን-ኤርትራን ዓቢ መቕደር ተራእዩ።

ክሳራ ጸላኢ፡- 40000 ምውታትን ቊሱላትን 939 ምሩኻት 7517 ማእከላይን ፈኲስን ብረት ተሰሊቡ። 19 ታንክታትን ድሩዓት መካይንን ከምኡ'ውን 3 ነፈርቲ ኲናት ዓንየን።



ኣብ ትሕቲ ጽንኩር ኩነት ዝሣነ ተጋዳላይ

## ዝስዓቡ ተኸታተልቲ ወራራት

### ሻብዓይ ወራር (ሰላሕታ) 26 መጋቢት-ክፍላ ነሓሰ 1983

- እዚ ወራር'ዚ ናብ ሶቭየት ኣማኸርቲ ውጽኢት ኢዩ። ብኽሳራታት 6ይ ወራር ተዳኺሞም ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ዝሰፍሐ ቦታ ተዋጊእካ ግንባራት ኣርቂቕካ ሰብኣዊ ዓቕምና ዘሪኻ ናይ ምትዕጽጻፍ ዓቕምና ምንካይ'ሞ ኣብ መወዳእታ ክእ ሓይልና በብቑሩብ ኣብቲ ውግእ ኣእቲኻ ምጥሓኑ *(Meat grinding machine)* ዝብል ዕላማ ነይርዎ። ናይዚ ውጥን'ዚ መሃንድስ ናይ ውግእ ክኢላ ጀነራል ፔትሮቭ ኢዩ።



### መልክዓት ናይቲ ምንቅስቓስ

- እቲ ን4 ወርሒ ዝተኻየደ ወፍሪ ፍሉይ ዝገብሮ ዘይእዉጅ ምዃኑ ኣይኮነን።
ጸላኢ ዝተወድአን ሓደን ውጥን ወፍሪ ሒዙ ዘይምቕራቡ ኢዩ። ንግንባር መለብሶ ንምስባር ብኡ ጌርካ ናብ ኣስማጥ ዛራን ንምእታው ምስኡ ዝወሃሃድ ኣብ ግንባር ናቕፋ መጥቃዕቲ ጌርካ ናቕፋ ምሓዝ ኢዩ ነይሩ እቲ ዕላማ። ውቃው እዝ ብወገኑ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ተሓጊጊዙ ወይ ጸማዲ ምንቅስቓስ ንምግባር ዝፈተኖ ወፍሪ ዕንቅፋት ከጋጥሞ ከሎ ሓድሽ መልክዕ ወፍሪ እናኣምጽአ ተሃላሊኹ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣብ ታሪኽ ፋልማይን ዝነውሐን ዝተኣሳሰረ ዕርዲ ክፍጠር ምኽንያት ኮይኑ (ብመልክዕ ሀ ቅርጺ ካብ ሰ/ም/ሳሕል ክሳዕ ባርካ)።

## ገለ ዝርዝራት ናይቲ መጥቃዕቲ .

### ግንባር ናቕፋ

- ክ/ጦር 19 , 21, 22 ኣጥቂዖም። 19 ክ/ጦር ብጸጋማይ ክንፊ ከባቢ መንድዓት ኑ.ብ 2059 ደጋጊሙ ፈቲኑ።
- 21 ክ/ጦር ብማእከል ግንባር ማለት ከባቢ ግሎብ ሪጅለ ኑ.ብ 1742 ክጥሕስ ፈቲኑ።
- 22 ክ/ጦር ብየማናይ ክንፊ ከባቢ ሸገ እናኣጥቀዐ ምስቲ ካብ ኣፍዓበት ተበጊሱ ብመንጎ ግንባራት ናቕፋን መለብሶን ክፋት ዝነበረ ሰፊሕ መሬት ተጠቒሙ ናብ መለብሶ ዝገስገሰ 18 ክ/ጦር ይደጋገፍ ነይሩ።
- ኣብቲ ኣብ ግንባር ናቕፋ ንምሓዝ ዝረባረበ ዝነበረ ኣሃዱታት ጸላኢ ኣብ ነዊሕን ኣህላኺን ግጥማት ተጸሚዱ ብምንባሩ ህ.ስ ሰላሕታ ወራር ንምፍሻል ኣብ ወርሒ 7/83 ብዝፈነዎ ሓያል መጥቃዕቲ ኣብ የማናይ ክንፊን ማእከላይ ክንፍን ማለት ካብ ክሳድ ሓሬና ኑ.ብ 1943 ክሳብ ሰፍራ ቀጢን ኑ.ብ 2067 ከምኡ'ውን ናብ የማን ሸገ ኑ.ብ 2523 ኣብ ዝዘርጋሕ መሬት ጸረ-መጥቃዕቲ ጌሩ ሰፊሕ መሬት ተታሒዙ።

ክሳራ ጸላኢ፡- 5714 ምውታት 8836 ቊሱላት 443 ምሩኻት። 17 ከቢድ ብረት 2860 ፍኲስን ማእከላይን ብረት ተሰሊቡ። 6 ታንክታት 19 መካይን ተሓምሺሸን።

## ሻሙናይ ወራር (ባሕሪ ነጋሽ)
## 19 ጥቅምቲ - 4 ታሕሳስ 1985

- ህ.ሰ ባረንቱ ምስ ገደፈ ተዳኺሙ ይኸውን'ዩ ብዝብል ጸላኢ ኣብ ግንባራት ሳሕልን ሓልሓልን መጥቃዕቲ ጌሩ ክስዕር ብሃታሃታ ዘካየዶ ወፍሪ'ዩ ክበሃል ይከኣል።
- ኣብ ግንባራት መለብሶ ናቕፋ ኣልጌን ዳር.ጋ ማዕረ ናህሪ ዝነበሮ መጥቃዕቲ'ዩ ፈጺሙ። ኣብቲ ፈለማ ገጽ ናይቲ ወራር ቀንዲ ጸቕጢ ብመለብሶ ሰ/ሳሕልን ኢዩ ነይሩ።

## ግንባር ናቕፋ

- ክ/ጦራት 19 ,22 ብከባቢ ግሎብን ዋንጫን ኑ.ብ 1742 ጥሒሶም ናቕፋ ክኣትዉ ኣብቲ ቀዳማይ ገጽ ብምድግጋም ብዝገበርዎ ፈተነ ጸላኢ ንግሎብ ሒዙዋ ነይሩ። ብጅግንነታዊ ጸረ-መጥቃዕቲ ክኣ ተጸፊዑ። ኣብዚ ፈለማ ገጽ በዚ ግንባር'ዚ ሰራዊት ዘይበዝሓሉ ምኽንያት ጸላኢ በቲ ብሰ/ሳሕልን ብመለብሶን ዝካየድ ዝነበረ ተረርቲ ናይ ጥሕሳ ፈተነታት ዓቕምና ካብ ናቕፋ ክስሓብን እቲ ግንባር ክስሑን'ዩ ዝብል እምነት ስለ ዝነበሮ ኢዩ።
- ኣብ ካልኣይ ገጽ ካብ መለብሶ ንክ/ጦራት 18,3 ስሒቡ ኣውሪ በቲ ሓያል ዝበሃል 18 ክ/ጦር ብግሎብ ኑ.ብ 1742 ሓያል ናይ ጥሕሳ ፈተነ ጌሩ ነታ ታባ ሒዙዋ። ኣብዚ'ውን ህ.ሰ ትብዓት ብዝመልአ ጸረ-መጥቃዕቲ ኣምሊሰዋ። 18 ክ/ጦር ኣብታ ጸባብ ቦታ መስቀላዊ ተኹሲ እናተኻየደ ብሞርታራትን ነተጕትን እናተጨፍጨፈ ዘካየዶ መጥቃዕቲ ልዕሊ ፍርቂ ዓቕሙ ኣብኡ ተረፉ። እዚ ቦታ'ዚ ህ.ሰ ኢድ-ብኢድ እናተሓናነቐ ንምእማኑ ዘጸግም ቆራጽነት ዘረጋገጸሉ ቦታ ኢዩ።
- ናይ ጸላኢ ናይ መወዳእታ ፈተነን ናይ ምርብራብ ጊዜን ኣብዚ ኣብቂዑ ኣብ ኣእምሮ ሓለፍቲ ሰራዊት ደርግ ሓደ ሓሳብ ክምዕብል ይጅምር፡ ነቲ ውግእ ብዓወት ህ.ሰ ዝውድኡዎ ዘለዉ ባእታታት ባህሪ፡ ቅርጺ መሬት ኣጽዋር.....ኣይኮኑን እንታይ ድኣ ሰብኣዊ ረቋሒ *(Human Factor)*።

ክሳራ ጸላኢ፡- 6400 ምውታት 9928 ቁሱላት 142 ምሩኻት።
7 ታንክታት 1900 ፈኮስን ማእከላይን ብረት ተሰሊቡ።
15 ታንክታት ተቓጺለን።



## ሓድሽ መቐይሮ - ተበግሶታት ህ.ሰ
### 1. ተበግሶ ህ.ሰ 8-11/12/1987



ዝተማረኹ ሶቬታውያን ኣማኸርቲ

- ኣብቲ ግንባር ዓሪዶም ዝነበሩ ክ/ጦራት 21 22 15 ንምድኻምን ጥቓ ናቕፋ ንነዊሕ ዓመታት ዓሪዱ ክተሃላለኽ ዝጸንሐ ጸላኢ ንምብራርን ዝዓለመ።
- ናይ ስርሒት ቦታ ካብ ማበይት ኑ.ብ 1698 ክሳብ ጫፍ ምብራቓዊ ጎላጉል ዝሸፍን። ስልቲ መጥቃዕቲ ብፊት-ንፊትን ዝሰለኹ ኣሃዱታት ክኣ ብድሕሪት ኣትዮም ንመእዘዚ ቦታታት ኣጥቂዖካ ናይ እዝን ምቁጽጻርን ኩነታት ምዝራግ።
- ቀንዲ መጥቃዕቲ ኣብ ፊት ግሎብ ኑ.ብ 1742 ጓል ደንደን ኑ.ብ 1852 ሓሬና ኑ.ብ 1943 ጠባይት ኑ.ብ 1698 ተኻይዱ። ዝሰለኹ ኣሃዱታት ንድሕሪ እዘን

ቦታታት ዝርከብ ጸላኢ ኣናዊጾሞ። ጸላኢ ክሳብ ከባቢ እምባ ተባሪሩ። በዓል ደንደን ግሎብን ካልኦት ዕርድታትን ንፋልማይ ጊዜኦም ኣተንፊሶም።

### 2. ምድምሳስ ግንባር ናደው 17-19/3/1988

- ኣብቲ ግንባር ዓሪዶም ኣብ ልዕ ሊ ዝነበሩ ክ/ጦራት 19 21 14 ተደረብቲ ሜካናይዝድ ኣሃዱታትን ዝተፈጸመ ደምሳሲ መጥቃዕቲ እዩ። እቲ ሜላታት ናይ'ቲ መጥቃዕቲ ከኣ፡-

- ኣብቲ ግንባር ናይ ፊት-ንፊት መጥቃዕቲ ብድሕሪት ከኣ ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ናይ ሕቖ መጥቃዕቲ። መንጎ ከረንን ኣፍዓበትን ናይ ድብያን መሓንቖን መጥቃዕቲ። እዚ መጥቃዕቲ'ዚ ብኣደናቒ መጽናዕትን ወተሃደራዊ ሜላን ተፈጺሙ። ኣብ ኩነታት ኤርትራ ከኣ ዓቢ መቐይሮ ኣመዝጊቡ፣ ምንቁልቛል ጸላኢ ናብ ስዕረት ኣተባቢዑ።

*ክሳራ ጸላኢ፡-* ልዕሊ 18 ሽሕ ሰራዊት ምውትን ቁሱልን ምሩኽን። 3 ሶቭየታውያን ኣማኸርቲ ተማሪኾም፣ 1 ተቐቲሉ ልዕሊ 50 ታንክታትን ካብ 80 ዝበዝሕ ከቢድ ብረትን ተሰሊቡ።

